# ፍትሒ

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ፕሮፓጋንዳን
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/
ዝዳሎ ክልተ ወርሓዊ ዕላዊ ልሳን

ሕዳር - ታሕሳስ 2009 1ይ ዓመት ቁ.6

- ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ብርሰት ንምድሓን ኩሉ ዓቕምታት ሰውራ ብቐዳምነት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንምድምሳስ ይቕናዕ!
- ደሞክራሲያዊ ብሄራውን ፍትሓውን ሕቶታት ህዝብታት ኤርትራ ንምዕዋት ንረባረብ!
- ሞት ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ!

# ትሕዝቶ


- ርእሰ-ዓንቀጽ፡-
  ከምልጥ ዘይብሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ!!.........................................................2
- ብይን ማዕቀብ፣ ምዕልባጥ ስርዓት ኢሳይያስን፡ ተራ ህዝብታትናን.........................3
- ሕቶ ሓድነት፡ ወትሩ ክድገፍ ዘለዎ ህዝባዊ ጠለብ!.................................................7
- ምድሓን ህዝብን ሃገርን ብኸመይ?.................................................................10


E-mail:- webmaster@merho.net or admin@merho.net

## ርእሰ ዓንቀጽ፥-

# ከምልጥ ዘይብሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ!!

ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ከባቢ 19 ዓመታት መዋእል ነጻነት፡ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ካብ ዘጋጠሙዎም ሕሰማት ዝኸፍአን ዝመረረን መስገደል እዩ ወሪዱዎም። ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስን ውድቡ ህግደፍን ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና መወዳድርቲ ዘይርከቦም ግፍዕታት ፈጺሞም እዮም። ብሓጺሩ ኣረሜናዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዕድመ ኣገዛዝኡ፡ ዘይተነገረሎም'ምበር ዘይፈጸሞም ገበናት ኣሎዉ ክበሃል ኣይከኣልን ብምባል ክጠቓለል ይኽእል'ዩ።

ብትምክሕቲ ዝሓበጠ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝለመዶ ክቱር ንዕቀትን ብደዐን፡ ንጎረባብትናን ዞባናን'ውን ኣረኺኺቡሎም እዩ። ብዝተፈላለዩ መንግስታት፣ ዞባዊ፣ ኣህጉራውን ዓለማውን ውድባትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ብተደጋጋሚ ዘቕረበሉ ምሕጽንታታትን መተሓሳሰቢታትን ብኣሽካዕላልን ላግጽን ብምንጻግ፡ ከባብያውን ዞባውን ሰላምን ምርግጋእን ምዝራግ ዝቐጸለ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንኣባላት ኢጋድ፡ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ትዕግስቶም ክውድኡ ኣገደዶም። ስለዝኾነ'ውን ንሰላምን ምርግጋእን ከባቢናን ዞባናን ብምሕማስ ምስ ዝፈጸሞ ገበናት ዝመጣጠን መቕጻዕቲ ክብይኑሉ፡ ከም ሓደ ኣካል ክረዳድኡ ብዙሕ ዓቐብ ቁልቁል ክብሉ ኣይገበሮምን። ዳርጋ ብሙሉእ ስምምዕ ማሕበረሰብ ዓለም ዝተወሰነ ናይ ማዕቀብ ብይን፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳይያስ ምስ ተመሓላለፈ፡ ተራእዩ ዘይፈልጥ ዓቕሊ ጽበትን ናይ ውድቀትን ተስፋ ምቑራጽ ስምዒታት ዝዓብለሎ ዓጀውጀውን ኣብ ጃንዳ ኢሳይያስ ጎሊሁ ተራእዩ ኣሎ።

ርእሰ-ፋሽስት ስርዓት ኢሳይያስ፡ ን18 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዘውረዶም ግፍዕታት ዓገብ ዝብሎ ማሕበረሰብ ዓለምስ ይትረፍ፡ ካብ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ፡ ዘሕምሞ ውቕዒት ከጋጥሞ ኣይተራእየን። ኢሳይያስን ጉጅልኡን ኣብ'ዚ ሎሚ ወዲቖሞ ዘለዉ ከቢድ መዋጥር ዝተረግረገ፡ ካብ ናይ ባዕላቶም ባህርያት ተበጊሶም፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ጎረባብቲ ሃገራትን ዞባናን ዝፈጸሙዎ ዕንደራ እዩ። እዚ ብምኽንያት ጸረ ሰላምን ዓንዳርን ተግባራቱ፡ ኣብ ልዕሊኡ ተበይኑ ዘሎ ዘሕምም ማዕቀብ፡ ንቃልሲ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ንቲ ካብ ውሽጣዊ ሕቱኽቱኽ ብመሰረቱ ክወጽእ ዘይከኣለ ሓይሊ ተቓውሞና ድማ ብፍላይ ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ ምባል ይከኣል።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብዓንዳርን ጸረ ሰላምን ተግባራቱ ዝተበየኖ ማዕቀብ፡ ናብ ዓሚቕ ጉድጓድ ዘምርሖ ከምዝኸውን ብምግንዛብ፡ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ዘቕነዐ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ብይን ከምዝኾነ ኣምሲሉ ኣዛቢዑ ብምቕራብ፡ ብሽም ''ህዝባዊ መኸተ''፡ ተቓውሞ ህዝብታትና ንምልዓል ብናህሪ ወፈሩ ይርከብ። ሓይልታት ተቓውሞና ነዚ ረኺቡሞ ዘሎ ጽቡቕ ኣጋጣሚ፡ ከምቶም ዝሓለፉ ወርቃዊ ዕድላት ካብ ኢዶም ከየምልጦም፡ ስርዓት ህግደፍ ብውሳነ ማዕቀብ፡ ካብ ኣትዩዎ ዘሎ ዓቕሊ ጽበት ከይወጸ፡ ንሓዋሩ ዝቃበጸሉ ኩነታት ንምፍጣር ''ማዕቀብ ብምቅዋም ዝኸተተ ብደዉ ከምዝሞተ'' ዝብል እዋናዊ ጭርሖ ተሓንጊጦም፡ ህዝብታትና ኣንጻር ስርዓት ኢሳይያስ ንክለዓዓሉ ለይትን ቀትርን ክቃለሱ ይግባእ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ተቓውሞ ዝረኣዩ ዘለዉ ኣወንታዊ ናይ ሓድነት ስምምዓት ብምጥንኻር፡ ናይ ሓፋሽ ተሳትፎ ንምስሓብ፡ ህልዋት ካልኣዊ ፍልልያቶም፡ ቅኑዕ ናይ ሓድነትን ምሕዝነትን መርሆ ተኸቲሎምም፡ ዓቕምታቶም ጠርኒፎም ዝጋደልሉ ክነታት ክፈጥሩ ይህልዎም። ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ተበይኑ ዘሎ ማዕቀብ ብግቡእ መዝሚዞም፡ ኣብ ምድሓን ህዝብን ሃገርን ብዘተኣማም ከውዕሉዎ እንተኾይኖም፡ ብህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታትን ቅኑዓት ዲሞክራስያዊ መርሆታትን ቃልሶም ዘሰላስለሉ ኣንፈት ክኽተሉ ከምዝግባእ ኣስሚርናሉ ክንሓልፍ ንደሊ። ሓይልታት ተቓውሞና፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ምእንቲ ጉዳዩ ክብል ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብማዕቀብ ንምእዳብ ዘመሓላለፎ ውሳኔ፡ ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ክጥቀመሉ፡ ጊዜ ከይወሰዱ ብቕልጡፍ ክወፍረሉ ኣሎዎም። እዚ ዕድል'ዚ ከምልጥ ዘይግባእ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ንዲሞክራስያዊ ቃልስና ብምዃኑ።

# ብይን ማዕቀብ፣ ምዕልባጥ ስርዓት ኢሳይያስን፡ ተራ ህዝብታትናን፡

ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ማዕቀብ ካብ ዝግበር እነሆ ናይ ልዕሊ ሓደ ወርሒ ዕድመ ኣቑጺሩ'ሎ። ነዚ ንልጓም ኣልቦ ፋሽስታዊ ዕንደራ ንምግታእ ዝተዋህበ ኣህጉራዊ ምላሽ ሲዒቡ ከኣ፡ ጃንዳ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ሓድሽ ብዕራይ ወለደ ዝዓይነቱ ጽዑቕ ወፍሪ ሓሶት ተጸሚዶም ምህላዎም ናይ ኣደባባይ ሚስጢር ኮይኑ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ንኤርትራዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝዕብልኽ ሓደ ተርእዮ ተጋሂዱ ምህላዉ፡ ናይ ኩሉ ሓባራዊ መረዳእታ'ዩ ዝመስለና። ንምኻኑ እዚ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተወስደ ናይ ማዕቀብ ብይን ካበይ ዝነቅል'ዩ? ወድዓዊ ባይትኡን መበገሲታቱን እንታይ'ዮም? ነዚ ብይን ሲዒቡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ዝነዝሖም ዘሎ ስግኣታትከ እንታይ ትርጉም ኣለዎም? ዝብል ሕቶ ናይ'ዚ እዋን'ዚ ህቡብ ኣጀንዳ'ዩ እንተብልና፡ ምግናን ዘይብሉ ሓቂ'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ክሊ'ዚ ጉዳይ'ዚ ጥሙርን ወድዓውን ሚዛን ምቕማጥ፡ ነቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ጃንዳታቱን ከም መሕብኢ በዓቲ ክጥቀሙሉ ብምሕሳብ ዝዓብለኹዎ ግዚያዊ ዶሮና ብምግላህ፡ ህዝብታት ኤርትራ ንመሰረታዊ ረብሓታቶም ክቃለሱ ዘኽእሎም ፖለቲካዊ ንቕሓት ዘበርኽ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዛዕባ'ዩ። ካብ'ዚ መሰረታዊ ሽኻል ብምብጋስ'ምበኣር ውሳነ ባይቶ ጸጥታን ግብረ-መልሲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ንምርኣይ ክንፍትን ኢና።

**ንማዕቀብ ዝደረኹ ጉዳያትን ጻዕሪ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን፦** ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ናይ ማዕቀብ እገዳ ክውስን ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ብመሰረት ናይ'ቲ ውድብ መግለጺ፡ ክልተ ጉዳያት ምዃኖም ኣሚቱ'ዩ። **ቀዳማይ፦** ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ሶማል ዝተኸተሎ ኣንፈትን ዝፈጸሞ ኢድ-ምትእትታውን፡ ዝተረጋግአት ሶማል ንምውሓስ ማሕበረሰብ ዓለም ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ብምትዕንቃፉ'ዩ። **ካልኣይ ከኣ፡** ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ጅቡቲ ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ከካይዶ ዝጸነሐ ወተሃደራዊ ወስታታት ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ብምድያብ ናብ ቅሉዕ ወራር ብምእታው፡ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ንዝቐረበሉ ምሕጽንታታት ብምሕሳሙ፡ ናብ እገዳ ዘብጽሑ ረቛሒታት ምዃኖም ብግልጺ ኣቕሚጡ'ዩ። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ረቛሒታት ከም መበገሲ ብምውሳድ፡ ንወድዓዊ ሓቅታቶም ንምምዛን ክሕግዙና፡ ንተራ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብዞም ዝተገለጹ ጉዳያት ዘርእዩ ጭብጥታት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ እንታይ'ዩም? ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ዝተኻየደ ጻዕርታትን ውጺኢቶምን እንታይ ይመስል? ምርኣይ ከድልየና'ዩ።

**ጉዳይ ሶማልን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን፦** ከም ዝፍለጥ ኣብ ሶማል ድሕሪ ምውዳቕ ብሰይድባረ ዝምራሕ ማእከላይ መንግስቲ ኣብ ሞንጎ መራሕቲ ቀባይል ምንሕናሕን ግጭትን ስለዝሰዓበ፡ ስርዓት ኣልቦነት ነጊሱ ንጸረ ሰላም ሓይልታት ከም ጽቡቕ መናሃርያ ክጥቀሙሉ ዕድል ረኺቡ። ኣብ ሶማል ስርዓት ኣልቦነት ብምንጋሱ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ፡ ክዋሳኣሉ ምጽንሑ ድማ፡ ዘየማትእ ሓቂ'ዩ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ባዕሉ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከይተረፈ ኣፉ-መሊኡ ዝዛረበሉ'ዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ምስቶም ብጉልባብ ዳግመ ምሕራር ሶማል ዝንቀሳቐሱ ብሽም ኣል-ሽባብ ዝፍለጡ፡ ብግብረ-ሽበራ ዝኽሰሱ ሓይልታት ዝመስረቶ ዝምድና፡ ብፖለቲካውን ሞራላውን ምድግጋፍ ጥራይ ዝተሓጸረ ዘይምዃኑ፡ እኹል መረዳእታታት ንምቕራብ ዘጸግም ኣይኮነን። ብመሰረት'ቲ በብእዋኑ ብኣህጉራዊ ትካላት ክቐርብ ዝጸነሐ መጽናዕቲ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ብባሕሪ፣ ኣየርን ምድርን ናብ ሶማል ናይ ኣጽዋርን ስንቅን ሓገዛት ብተደጋጋሚ ይጓርት ምንባሩ፡ ንዓይነትን ብዝሕን ኣጽዋራት ከይተረፈ፡ ብጭብጢ ዝተሰነየ መርትዖታት ክቐርብ ጸኒሑ'ዩ። ኣብ ቅድሚ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብዓይኒ ግብረ-ሽበራ ዝተኸሰሱ፡ ኣብ ሶማል ዝንቀሳቐሱ ሓይልታትን ባእታታትን፡ ንኤርትራ ከም ቀንዲ መናሃርያኦም ዝጥቀሙላ፣ ከም ዘተኣማምን ደጀኖም ዝርእይዋ ዕርዶም ምዃና፡ ጸሓይ ዝወቐዖ ሓቂ'ዩ። ናይ'ዚ ጽዑቕ መግለጺ ድማ፡ ጋዜጣዊ መግለጺታት ብተደጋጋሚ ካብ ኣስመራ ምሃቦም፣ ጉባኤታቶም ኣብ ሕቑፊ እሙን መሓዝኦም ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ከካይዱ ምኽኣሎም፣ ኣባላቶም ፍሉይ ስልጠናን ታዕሊምን ብወተሃደራዊ ሓለፍቲ'ቲ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ዝወሃቦም ምዃኑ፡ ኮታ ደረት ኣልቦ ምድግጋፋት ካብ ስርዓት ህግደፍ ዝብርከተሎም ምዃኑ፡ ብቕደም ሰዓብ ዝቐርብ ህያው መርትዖታት'ዩ። ልዕሊ'ዚ ዛጊት ዝተገለጸ ዝምድናታቶም ከኣ፡ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ጎኒ ሶማላውያን ሓይልታት ኮይኖም፡ ኣብ ዓውደ-ውግኣት ሶማል ብኣካል ምስታፎም፡ ዕምቆት ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ብግብረ-ሽበራ ዝጥርጠሩ ሓይልታት ሶማልን ብፖለቲካዊ ዕትብቶም ተጫንዮም፡ ኣብ ምዝራግ ጸጥታን ሰላምን ዞባ ቀርኒ ኣፍርቃ፡ ናይ ሓባር ድሌታቶም ንምርዋይ ናይ ዝተዋፈሩሉ እኩይ-ዝምድናታቶምን ኣርዮስ ተግባሮምን ዘቃልዕ መርትዖታት'ዩ። ነዚ መርትዖ ንምርጓዱ ዝኣክል፡ ኣብ ውግእ ሶማል ብኣካል ዝተሳተፉ፡ ድሕሪ ምብትታን ሓይልታት ሶማል ዛሕዛሕ ኢሎም ኣብ ኢድ ሓይልታት ጸጥታ ኬንያ ዝኣተዉ፡ ብኮነሬል ማዕርግ ዝርከቦም ወተሃደራት ኤርትራን ውዕሎታቶምን ንድሕሪት ተመሊስካ ምዝካር ከድሊ'ዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ምስ ኣብ ሶማል ዝተዋፈሩ ኣል-ሽባብን ኣብ ውሽጡ ዝተጸፈዩ ግብረ-ሽበራውያን ሓይልታትን ዝኣተዎ ዘይቅዱስ ኪዳን፡ ካብ ዓይኒ ማሕበረሰብ ዓለም ካብ ወጋሕትኡ ዝተሰወረ ኣይነበረን። ስለዝኾነ ከኣ፡ ፕረዚደንት መስረጋገሪ መንግስቲ ሶማል፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተረጋገአት ሶማል ንምፍጣር ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት፡ የተዓናቕፎ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ካብ'ዚ ኣሉታዊ ተግባራቱ ንኽቁጠብ ተደጋጋሚ መጸዋዕታታት ኣቕሪቡ'ዩ። ማሕበረሰብ ዓለም'ውን ኣወንታዊ ድርኺቱ ኣብ ልዕሊ'ዚ ስርዓት'ዚ ከዕርፍ ተማሕጺኑ'ዩ። ብኣባላት ሃገራት ኢጋድ፣ ኣፍሪቃ ሕብረት፣ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶ ጸጥትኡን'ውን፡ ካብ'ዚ ተግባራት'ዚ ንክእደብ ተደጋጋሚ መጸዋዕታታትን ምሕጽንታታትን ክቐርቡሉ ጸኒሖም'ዩም። ብትምክሕቲ ዝዓወረ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ግን፡ ኣወንታዊ ግብረ-መልሲ ክወስድ ባህሪኡ ኣየፍቀደሉን።

ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ፍሉይ ቱኽረት ክወሃቦ ዝግባእ ነጥቢ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ጉዳይ ሶማልን ተቓወምቲ ሶማላውያን ሓይልታትን ዝተኸተሎ ኣንፈት፡ ብባይቶ ጸጥታ ኣብ ሶማል፡ ካብን ናብን ናይ ኣጽዋር መሸጣን ሓገዛትን ከይግበር ጽኑዕ እገዳ፡ ተነቢሩሎም እንከሎ ዝፈጸሞ ጥሕሰት ምኽኑ እዩ። እዚ ከኣ ንገዛእ-ርእሱ፡ ንዓለም-ለኻዊ ሕግን ውዕላትን ዝጻረር ካብ ምኻን ሓሊፉ ዓለም-ለኻዊ ተሓታትነት ዘስዕብ ገበን’ዩ።

**ጉዳይ ጅቡትን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን**፡- ከም ካልኣይ ረቛሒ፡ ንውሳነ ባይቶ ጸጥታ ዝደረኸ ነጥቢ ኣምባሳደር መንግስቲ ጅቡቲ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት *“መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ልኣላዊ ግዝኣት ጅቡቲ ወራር ፈጺሙ ብሓይሊ ኣብ ዝጎበጦ ወሰናስን ዶባት ወተሃደራዊ መዓስከራት የጣይሽ ኣሎ”* ክብል ብዘቕረቦ ጥርዓን መሰረት’ዩ። ከም ዝፍለጥ ባይቶ ጸጥታ ነዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን፡ ፍሉይ ሉኡኽ ናብ’ቲ ጎንጺ ተላዒልዎ ዝበሃል ከባቢ ብምውፋር መረዳእታታት ክእክብ ወሲኑ’ዩ። ብመሰረት ዝረኸቦ መረዳእታ ድማ፡ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ወተሃደራት ኤርትራ ካብ’ቲ ብጎበጣ ዝሓዝዎ ልኡላዊ መሬት ጅቡቲ ብቕልጡፍ ክስሕቡን መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ብዘተ ክፈትሖ ቅሩብነት ከርእይ ጸዊዑ ምንባሩ ዝዝከር’ዩ። ይኹን ደኣ’ምበር ነዚ ጻውዒት’ዚ ኣወንታዊ ምላሽ ስለዘይተረኽቦ፡ ጻዕርታት ማሕበረሰብ ዓለም ክመክን ኮይኑ’ዩ። ስለዚ’ምበኣር ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ካልኣይ ምርጫ ክወስድ ግድን ዝኾነሉ ኩነታት ተፈጢሩ።

ከም ፈላማይ ስጉምቲ ከኣ፡ ብኣባላት ሃገራት ኢ.ጋድ ኣብ ልዕሊ’ዚ ንሕጊ ዘይምእዘዝ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዘነጻጸረ፡ ሰላምን ጸጥታን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምውሓስ ብሓፈሻ፡ ዝተረጋገአት ሶማል ንምፍጣር ንዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ንምሕጋዝ ከኣ ብፍላይ፡ ዝዓለመ ናይ ማዕቀብ እማመታት ብምቕራብ ብሓባራዊ ውሳነ ክሓልፍ ኮይኑ። ነዚ ብኣባላት ሃገራት ኢ.ጋድ ዝተወስደ ተበግሶ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ’ውን ኣብ ታሪኹ ንመጀመርያ ግዜ ዳርጋ ብሙሉእ ድምጺ ነቲ እማመ ብምቕባል፡ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ማዕቀብ ውሳነ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ክሕልፍ ጸዊዑ። ስለዚ እምበኣር፡ እቲ ዝተበየነ ናይ ማዕቀብ ውሳነ፡ ነዞም ዝተጠቐሱ ዘየማትኡ ጭብጥታትን ካልኦትን መሰረት ብምግባር፡ ድሕሪ ነዊሕ ጻዕርታትን ትዕግስትን ዝተበየነ፡ ነቲ ኣደብ ምግባር ኣብዩ ዝሓንገደ ፋሽስታዊ ስርዓት በይኑ ፈልዩ ንምኹርኳሙ ዝተዋህበ ዓለምለኻዊ ፈላማይን ታሪኻውን ምላሽ’ዩ።

ስለ’ዚ እምበኣር ድሕሪ’ዚ ሲዒቡ ክመጽእ ዝኽእል ፡ ትሕዝቶ ናይ’ቲ ማዕቀብን ዕላማታቱን እንታይ’ዩ ዝብል መሰረታዊ ሕቶ’ዩ። ዛጊት ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተወሰነ ማዕቀብ፡ ከም ዕላማ፡ ንላዕለዎት መራሕቲ እቲ ስርዓትን፡ መደባቱ ኣብ ምፍጻም ዝነጥፉ ዕሉላት ናይ ስለያን ጸጥታን መሓውራቱ ካብ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ኣሉታዊ ተግባራቶም ንምግታእ ዝተወሰደ ስጉምቲ’ዩ። እዚ ኣገላልጻ፡ ብልክዕ ንመንፈስን ዕላማን ናይ’ቲ ማዕቀብ ካብ ምንጻር ወጻኢ ቅንጣብ ምግናን የብሉን። እዚ ውሳነ’ዚ ኣብ ዓውደ ተግባር ንምውዓሉ ዝተኸተሎም ኣንፈታት’ውን ነዚ ሓቂ’ዚ ዝያዳ ዝኹልዖ’ዩ። ንኣብነት ንገለ ክፋል ካብ’ቲ ውሳነ ንምርኣይ ክንፍትን።

**ትሕዝቶን ትርጉምን ናይ’ቲ ማዕቀብ**፡- ብመሰረት መንፈስን ትሕዝቶን’ቲ ውሳነ፡ *“ላዕለዎት መንግስታዊ ኣካላት ስርዓት ህግደፍ ካብን ናብን ዝገብርዎ መገሻ ማዕቀብ ክንበረሎም፡ ኣብ ትሕቲኦም ዝመሓደር ገንዘብ ከይንቀሳቐስ ምእጋድ፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ እዚ ኣካል’ዚ ንግብረ-ሽበራዊ መደባቱ ኣብ ምፍጻም ዘውዕሎ ካብ ግዳም ዝረኽቦ ቁጠባዊ ሓገዛት፣ ልቃሕን ወፈያታትን ማዕቀብ ክግበረሉ፡ ምስ’ዞም ኣካላት’ዚኦም ርክብ ዘለዎምን መደባቶም ኣብ ምፍጻም ዝወፍሩን ሲቪል ሰብ ስልጣናት፣ ላዕለዎት ወተሃደራዊ መኮንናትን ናይ ስለያ መሓውራቱን ብጉልባብ ሲቪል ዜጋታት ዝዋስኡ ዕሉላት ልኡኻቱን ምንቅስቓሳቶም ምድራት፣ እዚ ጃንዳ’ዚ ካብን ናብን ዝገብሮ ናይ ኣጽዋር ንግድን ምዝውዋርን ጽኑዕ ቁጽጽር ክግበረሉ….ወዘተ”* ኣብ ዝብሉ ነጥብታት ክጠቓለል ይኽእል’ዩ። ስለዚ ድማ እዚ ማዕቀብ’ዚ ተደሚሩ፡ ነቲ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ርግኣትን ንምውሓስ ዝካየድ ዘሎ ኣህጉራዊ ጻዕሪ ብምትዕንቃፍ ዝልለ ኣርሓ ግብረ-ሽበራዊ ጉጅለ፡ ዋጋ ናይ’ቲ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን ሻዲኑ ዝፈጸሞን ገና’ውን ዝቕጽሎ ዘሎን ገበናት ብምንጻር ዝተዋህበ ኣህጉራዊ ምላሽ’ዩ። ብቐንዱ ንኢሳይያስን ጃንድኡን ጥራይ ዝምልከት’ዩ። ስለዚ’ዩ ድማ፡ ካብ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ጀሚሩ ክሳብ’ቶም ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ዝርከቡ በዚ ማዕቀብ’ዚ ዝተተንከፉ ኣባላት መንግስቲ ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊኦም ዝበጸሖ ከቢድ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ጽፍዒት ምጻሩ ክሳብ ዝስእኑ፡ ኣብ ከቢድ ራዕድን ጭንቕን ክወሓጡ ኮይኖም ዘለዉ። ከም ውጽኢቱ ድማ ምሒር ኣዕለቢጦም ከካብ ዘለዉዎ ጉቡጥሽ ክወጹን ብሓደ ቃና መቕድም-ሞቶም ንዝኾነ መርድእ ከበስሩና ናብ ኣደባባይ እናእወዩ ክወጹ ዝተገደዱ።

**ግብረ-መልሲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ**፡- እዚ ጃንዳ’ዚ ዝተኸተሎ ሜላ ኣዝዩ ዘሕንኽ፡ ንታሪኽን ኩውንነትን ዝብርዝ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ፡ መሰረታዊ ትሕዝቶን ትርጉምን እዚ ውሳነ ብምዝባዕ፡ ብሽም “ህዝባዊ መኸተ” ህዝቢ ንምልዕዓል የገልግሉኒ’ዮም ዝበሎም ኩሎም መልክዓት ውዲታት ብምምሃዝ ኣብ ጽዑቕ ናይ ጸለመ ወፈራ ተጸሚዱ፡ ጻዕዳ ዓፍራ እናዓፈረ ይግዕር ምህላው ኩሉ ዘስተብህለሉ ዘሎ ሓቂ’ዩ። ንምኻኑ፡ እዚ ፋሽስታዊ ጃንዳ’ዚ ህዝቢ ንምድንጋር ይጠቕሙኒ’ዮም ኢሉ ዝመሃዞም መደናገሪ ውዲታት እንታይ’ዮም? እዚ ሕቶ’ዚ መሰረታውን ንመንነት ናይ’ዚ ጃንዳ’ዚ ዕርቃኑ ዘውጽእ’ዩ። ስለዝኾነ’ውን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ብሽም “ህዝባዊ መኸተ” ኣብ ትሕቲ ዝብል በለጸኛ ቴማ፡ ልኡኻቱ ዘካይድዎ ዘለዉ ወፈራ ዝተቓነየሉ ቅኒት፡ እንታይ ይመስል? ቀጺልና እንርእዮ ጉዳይ’ዩ።

እዚ ጃንዳ’ዚ ካብቶም ዝዋጥየሎም መዝሙራቱ እቶም ፍሩያት *“ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብዘመዝገብናዮም ዓወታት ዓይኖም ደም ዝመለኦም ሓሳዳትን ግዳማውያን ተጻባእትና፡ ምዕባሌና ንምኹላፍ ዝጀመርዎ ዝተወደበ፣ ቅሉዕን ስውሩን ተጻብኦታት ሓይሉ ኣሎ፤ ንድሌታቶም ብዘይምምእዛዝና፡ ብዘይ ጭብጥን መርትዖን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቀብ ክግበር ወሲኖም፤ እዚ ውሳነ’ዚ ብሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ረቒቑ፡ ብኩርኩሩ ዝኾነት ኡጋንዳ ዝቐረበ፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንምምብርካኽ ተባሂሉ ዝተማህዘ ውዲት’ዩ፤ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ምዕራባውያን መንግስታትን መጋበርያ ዝኾነ ሽማዊ ባይቶ ጸጥታ ው.ሕ.ሃ. ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝበየኖ ማዕቀብ ድማ፡ ደግሲ ናይ’ቲ ኣብ 50ታት ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ዝወሰዶ ብጸሊም ታሪኽ ዝግለጽ*

***መርገጹ መቐጸልታ'ዩ፤ ስለዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም'ቲ ኣንጻር ህላዊኡ ኣብ 50ታት ብባይቶ ጸጥታ ዝተወሰነ ግዱድ ብይን ተቓሊሱ ዝተዓወተ፡ ሎሚ'ውን ኣንጻር'ዚ ኣብ ልዕሊኡ ዝተወሰነ ዘይፍትሓዊ ውሳነ ብጽንዓት ክምክት ኣለዎ፤.....ወዘተ"*** ዝብል'ዩ።

እዚ ብሂል'ዚ፡ ፍጹም ሓቅነት ዘይብሉ፡ ሌጣ-ሓሶትን ፈጠራን ዝመለአ መደራጉሕ'ዩ። ከመይ በሉ። ከመይ ዝበለ ለባም ይብሉ ኣቦታትና። ነዞም ጉዳያት መበገሲ ጌርና ንግደ ሓቅን ታሪኽን መብርሂታትና ክንህብ ኢና።

***<u>ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ብሽም "ግዳማውያን ተጻባእቲ" ዝመሃዞ ናጨባ ስግኣታትን:-</u>*** እዚ ክንብል እንክሎና፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ብዛዕባቶም "ተጻባእትና ግዳማውያን ሓይልታት" ዝብሎም ንዛረብ ምህላውና ኣምባቢ ኣብ ግምት ከእትዎ ንደሊ። ብመሰረቱ ኣንጻር ህላወን መንነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘቐነዐ ዝተወደበ ግዳማዊ ተጻብኦ፡ ድሕሪ ሃገርና ኤርትራ ዓለም-ለኻዊ ኣፍልጦ ረኺባ ህያው ካብ ዝኾነትሉ እዋን ኣትሒዙ፡ ምዕራፉ ዘኽተመሉ፡ ከም ዛዕባ'ውን ምንጪ ስግኣት ምኻኑ ዘብቀዐ ኣጀንዳ'ዩ። ስለዚ ከኣ ነዚ ዝበለየ ኣጀንዳ'ዚ ብምልዓል ዝዋስኡ ሓይልታት እንተልዮም፡ እቶም ኣብ ሑቕፊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣትዮም ዝሰራሰሩ ዘለዉ፡ ተረፍ መረፍ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ ጥራሕ'ዮም። እዞም ሓይልታት'ዚኣቶም ድማ "ሓንቲ ኢትዮጵያ ወይ ሞት" ብምባል ጭርሖ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርግ ምኩምሳዕ ጥራይ ዝተዓደሉ፡ ታሪኽን ግዜን ዝሰገሮም'ዮም። ምናልባት፡ ካብዚ'ኦም ዝብገስ ስግኣት እንተልዩ ድማ፡ ምስ ምሕጻር ዕምሪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝመክን'ዩ።

ብርግጽ ኣብ ታሪኽና ብጸሊም ነጥቢ ዝሰፈረ፡ ዓበይቲ ምዕራባውያን መንግስታት ብሓፈሻ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ 50ታት ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ነጻነታዊ ሕቶ ህዝብታት ኤርትራ ዝነበሮ መርገጽዩ። ይኹን ደኣ'ምበር፡ እዚ ታሪኽ'ዚ ብቓልሲ ህዝብታትና ፋይሉ ዝተዓጸወ'ዩ። ስለዝኾነ'ውን ዝምድና ኤርትራን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ተሰጋጊሩ'ዩ። ድሕሪ'ቲ ብደምን ድምጽን ህዝብታትና ዝተረጋገጸ ታሪኻዊ ኣኽሊል ነጻነት፡ ልኡላውነት፣ መንነትን ህላወን ህዝብታት ኤርትራን ሃገራውነቶምን ኩሉ ሓንጎፋይ ኢሉ፡ ወግዓዊ ኣፍልጦ ሂቡሉ እዩ። መንግስታት ምዕራብ ብሓፈሻ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከኣ ብፍላይ፡ ነዚ ታሪኻውን ሕጋውን መዛዘሚ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝብታትና ዝኾነ ውጽኢት ሪፈረንደም ብምቕባል፡ ካብቶም ቀዳሞት ወግዓዊ ኣፍልጦ ንኤርትራዊ ሃገራውነት ዝሃበት ሃገር ኢያ። ኪኖ እዚ'ውን፡ ንርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ልዕሊ'ቲ ዝግብኦ ክብርን ደረጃን ብምሃብ፡ "ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ መርኣያ ብሩህ መጻኢ ዝኾነ ናይ ሓድሽ ወለዶ መሪሕ ባእታ" ብምባል ኣብ ኩለ-መዳያዊ ዓውድታት ክደጋገፍዎ ቅሩብነቶም ዘርኣይሉ እዋን ነይሩ'ዩ። ነዚ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብሓፈሻ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከኣ ብፍላይ ዝተበርከተሉ ህያብን ጉንፃን፡ ብሰንኪ ሕዱር ፋሽስታዊ ባህሪኡ ከሲርዎ'ዩ። ነዚ ክሳራ'ዚ ዝሕተተሉ ከኣ፡ ባዕሉ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ጥራይ'ዩ።

እቲ ሓቂ እዚ እናሃለወ፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ "ኣሜሪካውያን ሎሚ'ውን ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዘለዎም መርገጽ በቲ ናይ 50ታት መነጽር'ዮም ዝርእዩዎ" ክብል እንክሎ፡ እንታይ ማለቱ'ዩ? ኢሳይያስ እቲ ናይ 50ታታ መድረኽን ሎምን በበይኑ ምዃኑ፡ ወረ እቲ ጉዳይ'ውን ብፍጹም ምስ ናይ 50ታት ዘዛምዶ ምኽንያት ከምዘየለ ብርግጽኛነት ሕርሕራይ ጌሩ ይፈልጦ'ዩ። ግን ከኣ፡ ነታ ትሰሓግ ዘላ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ንምውሓስ ክሳብ ዘገልገለቶ፡ ናይ ትማልን ሎምን ዘይዛመዱ ታሪኻት ከም ዝጥዕሞ በዊዙ፡ ነቶም ከየኮማስዑ ዝውሕጡ ዕሱባት ጃንዳታቱ ከምዑጎም ዘይጽገም፡ እኳ'ደኣ ኣመና ዝመለኾ ተሞኩሩኡ ብምኻኑ፡ ከምቲ ኣመሉ ንሓቂ ክቕብር መሪጹ ኣሎ። እቶም ልኡማት ዝተባሃልዎ ካብ ምፍጻም ወጻኢ ካልእ ዕጫ ዘይብሎም ጃንዳታቱ ከኣ፡ ከም ቃል-ቡራኼ ቃል ኢሳይያስ ከም ዘላታ ንምግዋሕ ዘይሓምቑ ብምዃኖም፡ ንኣየኦም ጥራሕ ዘዕግብ፡ ምስሉይ ድራማዊ ተዋስኦ ሒዞም ናብ ኣደባባይ ክወጹ ግድን እዩ።

ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ክሳብ ክንደይ ተጋላባጢ መንነትን መርገጽን ከም ዘለዎ፡ ንሕሉፍ ዝምድናታቱ ምስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዘርእይ ሓደ ኣብነት ወስ ክነብል። ኣብ ፈለማ 70ታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ጉዳይ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝብታት ኤርትራ ዝነበራ ተጻራሪ መርገጽ ከም ዝቐየረት ዝኾነ ይኹን መረጋገጺ ኣብ ዘይሃበትሉ እዋን፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይይስ፡ ናይ ሽዑ መራሒ ሰልፊ ነጻነት ኤርትራ፡ እሙን መሓዛ ኣሜሪካውያን'ዩ ኔሩ። ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ወተሃደራዊ መደብር ኣሜሪካ "ቃኘው-ስቴሽን" ብሚስጥር ኣታዊ-ወጻኢ ምንባሩ ድማ ድርሳናት ታሪኽ ዝሰነድዎ ሓቂ'ዩ። ድሕሪ ምሕራር ኤርትራ'ውን እንተኾነ ብስብሓት ኤፍሬም ዝምራሕ ላዕለዋይ ልኡኽ እዚ ስርዓት፡ ኣብ ፔንታጎን ምብጻሕ ጌሩ'ዩ። እቲ ሕሉፍ ሓቂ እዚ እናሃለወ፡ ሎሚ ደኣ ኢሳይያስ ምስቶም ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ዕርክነት ዝመስረተሎም ኣሜሪካውያን እንታይ ረኺብዎ፡ ክሳብ ክንድ'ዚ ኣምሪሩ ክጸልኦም ኮይኑ? ንዝብል ሕቶ መልሱ፡ ኣሜሪካውያን ብመስርሕ ንዝተዓዘብዎ ጸረ ሰላምን ዓንዳርን ተግባራቱ ኣመልኪቶም ደጋጊሞም ዓገብ ትገብር ኣሎኻ ኢሎም ክምሕጸኑዎን፡ ምስ ኣኽፊአ ድማ ብሕብረት ኣፍሪቃ ማዕቀብ ክግበረሉ ንዝቐረበ ምሕጽንታ፡ ብምድጋፎም ጥራሕ እዩ። ካልእ ዝተሓብአ ምስጢር የልቦን።

***<u>ከዳሚ ባህሪ ኢሳይያስን ጃንድኡን:-</u>*** እዚ ኣርእስቲ'ዚ ካብቲ ኣቐዲምና ዝራኣናዮ ብትሕዝቶ ፍልልይ ዘለዎ ኣይኮነን። እዚ ፋሽስታዊ ጃንዳ'ዚ ንውሳነ ባይቶ ጸጥታ "መንግስቲ ኤርትራ ንድሌታት ግዳማውያን ሓይልታት ስለዘይጸዓድን ኣብ ነብሰ-ኣኽእሎ ዝኣምን ሓራ ፖለቲካዊ መስመር ስለ ዘውንን፡ ንምብርኻኹ ዝተዋደደ ውዲት'ዩ" ብምባል'ዩ ሸርሕታቱ ንምድማቕ ዝዋጥየሉ። እዚ ከኣ ምስ'ቲ ዓለም ብዓለማ እትፈልጦ ከዳሚ ባህርያቱ ብሰንጣቕ ዝጻረር'ዩ። ምኽንያቱ፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ዝምስርቶም ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ኣብ ምውሓስን ምድልዳልን ፖለቲካዊ ስልጣኑ ረብሓ ከም ዘለዎ እንተርእዩ፡ ኣሎኒ ንዝብሎ "ሓራ ፖለቲካዊ መስመር" ክሕሽሾ፡ ንርካሽ ተኣማንነትን ረብሓን ንምርግጋጽ፡ ዝተባህሎን ዘይተባህሎን ንምግባር ኽኽድም ድሕር ዘይብል'ዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ንምርግጋጽ፡ "መንግስቲ ሱዳን እስላማዊ ጥሩፍ ጉጅለታት ዘዕቁብ'ዩ" ብዝብል ምስምስ ኣብ ከባቢ መፋርቕ 90ታት ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ሱዳን ዝኸፈቶ ጎንጺ፣ ኣብ ሶማል ኣብ ጎኒ ሓይልታት ኣልሸ-ባብን ዓለም ለኻዊ ግብረ-ሽበራውያን ሓይልታትን ተሰሊፉ ዘካየዶም ውግኣት፣ ገና መወገኒ ዘይረኸበ ዘሎ ጎንጺ ኤርትራን ጅቡትን፣ ኣብ የመን ዝፍጽሞ ዘሎ ኣዕናዊ ተራ.....ወዘተ ንምንታይ ዕላማ? መን ዝሃቦ ዕዮ ገዛን'ዩ? ዝብሉ መሰረታዊ ሕቶታት ብምልዓል፡ ድርሳናት ጸሊም ታሪኽ ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ እንተገንጺልናዮም፡

ንርካሽ ተኣማንነትን ዝትከቡሉ ሕርኻቶን ክብል፡ ብዋጋ ህዝብን ሃገርን ዝጣላዕ ገበነኛ ስርዓት ምዃኑ ንምርግጋጽ ዘጸግም ኣይኮነን። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ክድምና ድማ የልቦን።

## ህግደፍን ዓወትን ዓይንን ሓመድን፡-

ብዛዕባቲ "*መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዘመዝገቦም ዓወታት፡ ዓይኖም ደም ዝመልኦም....*" ብዝብል መነየቲ ተረኺቡለይሲ ያኢ! ጃንዳ ህግደፍ ዝጀሃርሉ ዘለዉ ገለ ክንብል። ብመሰረት ኣህጉራዊ ናይ ረድኤትን ገበርቲ ሰናይን ትካላት ጸብጻብ፡ ኣብ ኤርትራ ዝዝንብይ ዘሎ ሓደጋ ደርቕን ዓጸቦን ንልዕሊ 2/3(ክልተ-ሲሶ) ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንተመጽዋታይነት ዘሳጥሐ ምዃኑ'ዩም ዕላዊ ጌሮም። ነዚ ሓደጋ'ዚ ብኸንድ'ዚ ዝኣክል ናህሪ ክጋደድ ዘገበሮ መሰረታዊ ረቛሒ ድማ፡ ገባቲ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ቀዳማይ ቦታ ዝሕዝ'ዩ። ክውንነት ኤርትራ እዚ እናሃለወ፡ ወዮ ከምቲ ኣቦታት ክምስሉ እንከለዉ "ኣብ ከብዲ ጽጉብ ጥሙይ የሎን" ከምዝበሃል፡ ዓጸቦ፣ ልማኖን ሞትን ህዝብታት ኤርትራ፡ ንፋሽስታውያን ዓወቶም'ዩ'ሞ ኣይተጋገዩን። ኤርትራ ሰብኣውን ባህርያውን ጸጋታታ ብገባትን ጸረ-ሰላምን ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ተዘሪዑ፡ ከርሲ-ምድራ ዝኸዘኖ ሽሻይ ገና ከይተተንከፈ፣ ልሙዓት ጎላጉል መሬት፡ ጻዕራም ኤርትራዊ ሓረስታይ ከይሓርሶም ስለዝተገዝቱ ንስራሕ ዘይበቅዎ ጉልበትን መሃዝነትን ዜጋታት መኺኑ፡ ኣብ ወፍሪ ባርነት ስለ ዝተሞቑሑ፡ ኣብ ዓሚቕ ማ/ቁጠባዊ ቅልውላው ወዲቓ ኣላ። ኣብ ኤርትራ ብድርቅን ዓጸቦን ወሪዱ ብዘሎ ሕሰም፡ ማሕበረሰብ ዓለም ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ስግኣት ዝኣተወሉ እዋን፡ ኣብ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ናይ ኣደባባይ ሚስጢር'ዩ። ብኣንጻሩ ግን ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ህግደፍን ኮራኹሮምን ከብዶም መሊኦም፡ ክሰኽሩ፣ ክዝሙዉ፣ ከጋይጹን ከማርጹን'ዮም ዝውዕሉን ዝሓድሩን። ህዝብታት ኤርትራ ሎሚ ዝሓልፍዎ ዘለዉ መሪር ስቅያት ዝመልኦ ህይወት ብምኽሓድ፡ ንዓይኒ ሓሳድ ዝደጉሕ ምዕባለ ከም ዘመዝገበ ኣምሲሉ ንምቁንጃዉ ምፍታን፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዘለዎ ክቱር ንዕቀትን ብደዐን ብግብሪ ዘርኢ'ዩ።

**ማዕቀብን ንህዝብታት ኤርትራ ዘለዎ ትርጉምን፡-** ነዚ ጉዳይ'ዚ ቅድሚ ምርኣይና ፍሉይ ትኩረት ክወሃቦ ዘለዎ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምፍኻስ ኢሉ "ብዘይ ጭብጥን መርትዖን" ብምባል ዘቕርቦ ዝንቡዕ ምኽኒት እዩ። ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ውሳኔኡ ኣብ ዘተኣማምን ጭብጥን መርትዖን ዝተሞርኮሰ ምዃኑ፡ እቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ መባእታዊ ሓቅታት ንመረዳእታ እኹል ይመስለና። እዚ ውሳነ'ዚ ነቲ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ብሕታዊ ተሓታቲ ዝኾነ ፋሽስታዊ ጃንዳ ህግደፍን መሓውራቱን ጥራይ ፈልዩ ንምቕጻዕ ዝዓለመ ታሪኻዊ ውሳነ ኮይኑ፡ ብዘይ ኢንታ ክጸድቕ ዝኸኣለ፡ ኣብ እኹል ቅድመ-ምድላው፣ መጽናዕትን ጭቡጥ መርትዖታትን ዝተመስረተ ውሳነ ብምዃኑ'ዩ።

ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ከምዝተመልከትናዮ ጽፉፍ ቅድመ-ምድላው ዝተገብረሉ፣ ብመጽናዕትን ጭብጥን ተሰንዩ፡ ነቲ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ንምዝራግ ሓንካሪ መርገጻት ሒዙ ክዋሳእ ዝጸንሐ ፋሽስታዊ ጃንዳ ህግደፍን መሓውራቱን ጥራሕ፡ ብዘይ ሳኼማ ፈልዩ ንምቕጻዕ ዝተወሰነ፡ ግቡእን እዋናውን ኣህጉራዊ ምላሽ ምዃኑ፡ እኹል ተረድኦታት ንምዕታር ክኢልና ኢና። ብኣንጻሩ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ሓደ ካብ'ቲ ወፈሩሉ ዘሎ መደባት፡ ብሽም "ህዝባዊ መኸተ" ህዝቢ ኣብ ጎኑ ከሰልፍ ነጋሪት ርድኡኒ ምድሳቕ እዩ። እምበኣርከስ ኣብ ህልው ኩነታትና፡ ህዝብታት ኤርትራን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን፡ ኣብ ሓደ ግንባር መኸተ ተሰሊፎም ዝዋግእዎ ናይ ሓባር ጸላኢ ኣሎዎም ድዩ? ናብ ዝብል ክሳዳዊ ሕቶ'ዩ ዘምርሓና። ነዚ ሕቶ ንምምላስ ክልተ መሰረታዊ ነገራት ጥራይ ምልዓል ከድልየና'ዩ።

**ቀዳማይ፡-** ናይ ባይቶ ጸጥታ ውሳነ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ህዝብታት ኤርትራ እንታይ ትርጉም ኣለዎ ዝብል'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ሰላምን ርግኣትን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ቀዳሞት ተረባሕቲ'ዮም። ናይ ስለያን ጸጥታን መሓውራት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዘፈጽምዎ መደባት ግብረ-ሽበራ ንምግታእ፡ ናይ መገሻ ማዕቀብ እንተተጌሩሎም፣ ኢሳይያስ ንግብረ-ሽበራውያን ሓይልታት ንምሕብሓብ ንምዕጣቕን ንምውፋርን ዘህልኾ ጸጋታት ሃገርን ዝርካቡ ሓገዛትን ኣብ'ዚ መዓላ'ዚ ከይዋፈርን ክድስክልን እንተተጌሩ፣ ኤርትራ፡ ኣጽዋር ከይትሸምትን ከይተዘዋውርን ስለ ዝተተኸልከለት፣ ኤርትራ ግዳማውያን ዕጡቓት ሓይልታት ዝዕንጹሩላ፣ ዝዕቆቡላ፣ ዝሻዱኑላን ሃገር ምዃና ኣብቒዑ፡ ነዚ ዕማምዚ ዝሃልኽ ዝነበረ ጸጋታት፡ ንጥሙይ ኤርትራዊ ክዕንግል ዝኽእለሉ ዕድላት ዝፈጥር ኣህጉራዊ ጸቕጢ ክውን እንተኾይኑ፡ ረብሓ ህዝብታት ኤርትራ ዘማልእ'ምበር ዝጎድእ ኣይኮነን።

**ካልኣይ፡** ብሰንኪ ጸረ-ሰላምን ናይ ኲናትን ፖሊሲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ንኤርትራውያን ስድራ-ቤታት ዘቑረረ፣ ወላድ መኻን ዝገበረ፣ ኣረገውቲ ሽማግለታት ብዘይ ጠዋርን ቀባርን ዘትረፈ፣ ወይዘራዝር መርዑት መበለታት ኮይነን ጸር ስድራ ልዕሊ ዓቕመን ክስከማ ዘስገደደ፣ ህጻውንቲ ቆልዑ ሓልዮትን ክንክን ወለዲ ከይረኸቡ ዝዓንቀፈ፣ ስቡሓት ግራውቲ ጸሞም ክሓድሩን ክቓድሩን ዝገበረ፣ ዜጋታታ መጻኢኦም ጸልሚቱዎም ንስደት ከቋሙቱ ብምግባር፡ ናይ ሓደ ወለዶ ሙሉእ ባዶሽ ክፍጠር ዘገደደ፡ ኮታ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዘሳጠሐ፡ ካብ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው ናይ'ቲ ስርዓት እናተበገሰ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝሕምስ ዘሎ፡ ብጸሊም ታሪኽ ዝልለ ፋሽስታዊ ስርዓት፡ ንዕንደርኡ ገቲኡ፡ ጭዋዳታቱ ዘልምስ እንተኾይኑ፡ ቀዳሞት ተረባሕቲ ህዝብታት ኤርትራ ምዃኖም ዘጠራጥር የብሉን። ምኽንያቱ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ልዕልን ቅድምን ኩሉ ግዳያት ናይ'ዚ ፋሽስታዊ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ብምዃኖ'ዩም።

ህዝብታት ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብቐዳምነት ዝሰርዕዎ ደመኛ ጸላኢኦም ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ጃንድኡን'ዮም። እዚ ጃንዳ'ዚ፡ ብውሳነ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊኡ ማዕቀብ ስለዝተነብረሉ፡ ገና ሕጂ'ዩ ትርጉምን ምረትን ማዕቀብ ዝርድኦ ዘሎን ጸላዕላዕ ከብሎ ዝጀመረን። ህዝብታት ኤርትራ ግን ኣብ ሙሉእ ዕድመ ናይ'ዚ ፋሽስታዊ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ ኩሉ ዓይነት ማዕቀብ'ዮም ተዘሪዖም ጸኒሖምን ዘለዉን። እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ማዕቀባት ዘሎ ፍልልይ፡ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተበየነ ማዕቀብ፡ ዝግብኦን ናይ ኢዱን ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝተጻዕነ ማዕቀብ ግን ጥልመት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝወለዶ ምዃኑ'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ብዓመጽን ጥልመትን ንዝበሓቶ ስልጣኑ ንምውሓስ፡ ኣብ ልዕሊ ሰብኣውን ደሞክራሲያዉን መሰላት ህዝብታት ኤርትራ ማዕቀብ ኣምቢሩ'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ በዚ ዝወረዶም ፋሽስታዊ ማዕቀብ'ዚ፡ ንልዕሊ

18 ዓመታት፡ ንዝኣምኑሉን ዘርብሖምን ፖለቲካዊ ውድብ ከይመርጹ፣ ብዝመሰሎም መንገዲ ከይውደቡ፣ ሓሳቦም ብነጻ ከይገልጹ፣ ታቓውሞታቶም ከየስምዑ፣ ብነጻ ናይ ሚዲያ ማእከላት ዝዝርጋሕ ሓበሬታ ከይረኽቡ፣ ናብ ዝደለይዎ ቦታን ሃገርን ከይንቀሳቀሱ፣....ወዘተ መሰላቶም ብምግሃስ፡ ብናይ ትሪኳላታት ማዕቀብ ሓጺርዎም ጸኒሑን ዘሎን። እቲ ዝኸፍአ ከኣ፡ ዘዝባጸሑ መንእሰያት ኣብ ክንዲ ናብ ዓውዲ-ፍልጠትን ኣፍራዪ ማእቶታዊ ንጥፈትን ዝወፍሩ፡ ብወተሃደራዊ ሕግታት ተዘሪዖም፡ ብህይወት ክሳብ ዘሎዉ ዕድሚኦምን ጉልበትምን ኣብ ወፍሪ ባርነት ንኽበሊ ዘገድድ ናይ ዕድመ-ይፍታሕ ማዕቀብ ተበይኑዎም ኣሎ። ሓረስቶት ሃገርና፡ ብረሃጾም ዘፍረይዎ ምህርቶም፡ ናብ ዕዳጋ ኣውጺኦም ከይሸጡን ከይልውጡን ዝተወሰነሎም ማዕቀብ'ውን ካልእ መዳርግቲ ዘይተረኽቦ በደል እዩ።

ኤርትራ "ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ናይ ዜጋታታ" ብዝብል ኣህጉራዊ ስያመ እትልለየሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ዜጋታታ ብሕሱም ፋሽስታዊ ማዕቀብ ዝተሞቁሑን ጻማ ሙዑት ተጋድሎኦም ስለዘይረኸቡን'ዩ። ስለዚ እምበኣር፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብማዕቀብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተሓኒቑ ዓፍራ-እንተዓፈረ'ውን፡ ከም'ቲ ምስላ ኣቦታትና፡ ኢድ ጸናሒት ሸንዳሒት ዝበልዎ እዩ።

እዚ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብጸረ-ደሞክራስን ጸረ-ሰላምን ፖሊሲኡ ደም ዘጉስዮም ባህርያት ጃንዳ ህግደፍ፡ ካብ ውሽጢ ንግዳም ኀሲዑ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ'ውን ዘረኻኸበሉ ብምኳኑ፡ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተበየነ ማዕቀብ፡ ከም ታሪኻውን ፈላማይን መቕጻዕቲ መጠን፡ ከም ዘራይ ንቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ክረአ ዝግብኦ'ዩ በሃልቲ ኢና። ካብ'ዚ መሰረታዊ ሓቒ'ዚ ብምብጋስ ድማ፡ ህዝብታትና ነታ ድሮ ኣብ ክሳድ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣትያ፡ ዓፍራ-እተዕፍሮ ዘላ መሸንቆቓ ኣመና ብምጥባቕ፡ ዕድመ ስልጣን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ምሕጻርን በዚ ስርዓት'ዚ ካብ ዝተነበየነሎም ማዕቀባት ንሓዋሩ ሓራ ንክወጹ፡ ተፈጢሩሎም ዘሎ ምቹእ ኩነታት ኣብ ረብሕኦም ንምውዓል፡ ዓቕምታቶም ጸንቂቖም ክቃለስ'ዩ ዝግብኦም። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብሽም "ህዝባዊ መኸተ" ንዝጸወዖ፡ በጃይ ተሰየፉለይ ዝመልእኽቱ ቀቢጸ ተስፋዊ ጻውዒት፡ ህዝብታትና ክህብዎ ዝግባእ ቀራጽ ምላሽ፡ "ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ብዘይ-ላኼማ ኣብ ልዕሌኻን ጃንዳኻን ጥራሕ  ዝቖንዐ ማዕቀብ ብምኳኑ፡ ኣይፋልናን! ኣብ ዘየሳሕየና ቁስሊ ኣይንሓኽኽን፤ ንሕናን ንስኻን በበይኑ'ዩ ውራይና" ዝብል ኮይኑ፡ ንዝወጠኖም ሸርሕታት ብትብዓት ከበርዕንዎ ይግባእ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ድማ፡ ኣብ ክሊ ዘቐመጦም ንጹራት እምነታቱ ተመስሪቱ፡ ናይ ቃልሲ ግቡኡ ንምፍጻም ብዘይ ነግፈረግ ክቃለስ እዩ።

## ሕቶ ሓድነት፡ ወትሩ ክድገፍ ዘለዎ ህዝባዊ ጠለብ!

ሕቶ ሓድነት ሓይልታት ሰውራና ተባራዒ ሕቶ ህዝብታትና ካብ ዝኸውን ነዊሕ መዋእል ዘቑጸረ ምኳኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ግን ድማ ከም ትጽቢትን ሃንቀውታን ህዝብታትና ዘየማትእ ምላሽ ብዘይምርካቡ፡ ኣብ ሕሉፍ፡ ብሰንኪ ጨካን ባዕዳዊ ኣገዛዝኣ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወረደን ዝወርድ ዘሎን ኣደራዕ ጭቆና ዕድሚኡ ክናዋሕ ምግባሩ ናይ ትማልን ሎምን ኣቐንዛዊ ተሞኩሮና እዩ።

ኣብ ሕሉፍ ይኹን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብመትከላዊ ዓይኒ ወይ ብስልታዊ ረብሓታት ኣንጻር ብምጥማት፡ ዝተፈላለዩ ናይ ሓድነት ጭርሖታት ክላዓሉ ምጽኑሖምን ምህላዎምን ዘተሓታት ኣይኮነን። ኣብ ሕሉፍ መድረኻት ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ናእሽቱ ውድባት ዝተፈጸሙ ናይ ሓድነት ስምምዓት ምንባሮም እኳ ዝፍለጥ እንተኾነ፡ ንሕሉፍን ህልውን ጸገማት ህዝብታትና ኣብ ምግጣም ዝንበብ ተራ ዘይነበሮም ብምኳኖም፡ ሚዛን ረኺቦም ዝሓለፉ እዮም ንምባል ኣይከኣልን።

ንፈለማ እዋን ብደረጃ ሓሙሽተ ውድባት ናይ ሓድነት ስምምዕ ብምእዋጅ፡ ኣብ ኣእምሮ ህዝብታትና ዝተፈላለዩ ስምዒታት ዝፈጠረን ኣብ ዝተፈላለዩ ውድባት ተቓውሞ ድማ ነናቶም ግብረ መልስታት ዘንጸባረቑሉ፡ ኣብ መወዳእታ ሓምለ 2004 ዝተኣወጀ ስምምዕ ሓድነት ኣባላት ውድባት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ነበር፡ ምንባሩ ኩሉ ዝዝክሮ እዩ። እዚ ሓድነታዊ ስምምዕ'ዚ እኹል መጽናዕትን ጽፉፍ ቅድመ ምድላውን ዝተኻየደሉ ኣይነበረን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንመሰረታትን ላዕለዎት መራሕቲ ውድባትና'ውን ኣቐዲሙ ብዕሊ ዘይተሓበረን ብተበተብ ኣብ ፌቲቫል ካስል ዝተኣወጀን ነበረ።

እዚ ኣብ ካስል ዝተኣወጀ ናይ ሓድነት ስምምዕ፡ ካብ ናይ ዝተወሰኑ መራሕቲ ዝተፈላለዩ እምነታት ዝነቐለ፡ ብወነንቲ ፌስቲቫል ካስል መዳምቕቲ ክኸውን ተሓሲቡ ቀልጢፉ ክእወጅ ዝተደረኸን ካብ ምኳን ሓሊፉ፡ ከም'ቲ ብዝተፈላለዩ ወገናት እናተወሃቦ ዝነበረን ዘሎን ግጉይ ትርጉም ዝግለጽ  ከምዘይኮነ፡ ንሕና እቶም ዋናታቱ ኣንዳዕዲዕና እንፈልጦን ካብ ውድቀትና ድማ ሕርሕራይ ጌርና ዝተማሃርናሉን እዩ።

እዚ ሓድነታዊ ተሞኩሮ'ዚ ንኹሎም ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ወገናት ትምህርቲ ክኸውን ስለዝግበኦ ናይ ጉዕዞና ጽሟቕ ሓበሬታ ዝስዕብ ነበረ። መበገሲ ስምምዕ ናይ'ዚ ሓድነታዊ ኣዋጅ ብመሰረቱ ህዝብን ሃገርን ብቐዳምነት ንምድሓን፡ ኣብ ሞንጎ ውድባትና ዝነበረ ፖሎቲካዊ ፍልልያት፡ ብሽም ፖሎቲካዊ ሕድገት ንጎድኒ ገዲፍና፡ ኣብ ዘራኽቡና ዕላማታት ናብ ሓደ ውድብ ብምስግጋር እንቃለሰሉ ኩነታት ንፍጠር ዝብል እዩ። ብርግጽ እዚ ብላዕሊ ምስዝረአ ምንም ዝወጾ ዘይመስል ስምምዕ፡ ጽፉፍ መጽናዕትን እኹል ቅድመ ምድላውን ዝተገበረሉ ኣይነበረን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ መራሕቲ ሓሙሽተ ውድባትና እዚ ስምምዕ'ዚ ክወዓዓሉ እንከሎዉ ተመሳሳሊ ፖሎቲካዊ ሒሳባትን መንቀሊታትን ከም ዘይነበሮም ድሕሪ ኣዋጅ ካስል ዝተኻየዱ ርክባት መሪሕነታት፡ ኣብ ውሽጢ ተሓቢኦም ዝነበሩ ድልየታት በብእዋኑ እናተቓልዑ ከይዶም እዮም። ከም ናይ'ዚ ውጽኢት ድማ፡ ድሕሪ ከባቢ ሓደ ዓመት፡ ክልተ ብሄራዊ ውድባት ካብ ሓድነታዊ መስርሕ ነብሶም ከግልሉ እንከሎዉ፡ ዝተረፉ ሰለስተ ውድባትና ድማ ናብ ሓድሽ ናይ ኣረኣእያ ጥምጥም ኣተዉ።

ብሓደ ሸነኽ ብወከልቲ ተሓኤ ሃ.ጉ፡ ኣብ መጀመርያ እዋን ዝኣተዉዎ ፖሎቲካዊ ስምምዕ፡ ምስ ምስሓብ ብሄራዊ ውድባት ኣመኻንዮም፡ ክዓጽፉዎን ኣብ ነባር ስምምዕ ምትዕርራይ ክግበር ክደፍኡ እንከለዉ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ዘቐመጥናዮ ስምምዓት ናይ ሓባር ዕግበትና ብምኻኖም'ምበር፡ ንብሄራዊ ውድባት ንምስሓብ(ኣብ መጻወድያ ሓድነት ኣእቲኻ ንምሕቓቖም) ዝዓለሙ ስልታዊ ስምምዓት ኣይነበሩን። ስለዝኾነ'ውን ኣብ'ዞም ዝቐደሙ ስምምዓት ጸኒዕና ክንቅጽል ዘይንኽእል እንተኾይና ሓድነታዊ ጉዕዞና ኣብ ሓደጋ ክውድቕ እዩ ዝብል ተቓውሞ ኣስመዐ። እዚ ፍልልይ'ዚ ንጊዜ ብዝጸበ ጎራሕ ኣከያይዳ እናተሓለፈ፡ ክሳብ ኮንፈረንስ መሪሕነታት ክሰጋገር ኮነ።

ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 2005 ዝተኻየደ ኮንፈረንስ መሪሕነታት ሰለስተ ውድባት፡ ወዮ ተሓቢኡ ዝነበረ፡ ነቲ ዝቐደመ ስምምዕ ናይ ምዕጻፍ መደብ ተሓኤ ሃ-ጉባኤ፡ ብሰነድ ተሰንዩ ቀረበ። ብምኻኑ'ውን ኣብ ልዕሊ ኮንፈረንስ መሪሕነታትና ናይ ምብትታን ሓደጋ ዘንጸላለወሉ ኩነታት ተፈጢሩ ነበረ። ይኹን'ምበር ካብ ፈለማ ዝኣተናዮ ስምምዕ እንተዘይተኸቢሩ ጉዕዞ ሓድነትና ክብርዕን እዩ ኢሉ ኣቐዲሙ እናጠንቀቐ ዝመጸ ሸነኻት፡ ርእይቶኡ ብቐሊሉ ዝስገር ብዘይምንባሩ፡ ነቲ ዝኣተዎ ነባር ስምምዕ ንምስባር ዝተበገሰ መሪሕነት ተሓኤ ሃ-ጉ፡ ክብድሆ ከም ዘይክእል ምስ ተገንዘበ ጊዝያዊ ስልታዊ ምትዕጽጻፍ ብምግባር ከምዝተቐበሎ ኮይኑ ክሓልፎ መረጸ።

ኮንፈረንስ መሪሕነታት ብዘመሓላለፎ ውሳኔ መሰረት፡ ስምረታዊ ጉባኤ ዝካየደሉ እዋን ተነጺሩ ኣሰናዳዊት ሽማግለ ስርሓ ክትጅምር ሓላፍነት ተዋሂባ። እንተኾነ ግን ካብ ወጋሕትኡ ንዝኣተዎ ስምምዕ ንምዕጻፍ ጻዕርታቱ ምክያድ ዘየቋረጸ መሪሕነት ተሓኤ ሃ-ጉባኤ፡ ብኮንፈረንስ ክዓጽፎ ዘይከኣለ ሓባራዊ ፖሎቲካዊ ስምምዓት፡ ኣብ ምይይጥ ንድፍታት መስመሪ ጉባኤ፡ መብዛሕትኦም ካድራቱን መሰረታቱን ክቃወሙዎ ብምግባር ንምቕያሩ ጻዕርታት ኣካየደ። ኣብ'ዚ ጥራሕ ከይተወሰነ፡ ኣብ ሰክረታርያ ኣሰናዳዊት ሽማግለ ዝተመዘዘ ወኪሉ ገይሩ፡ ናይ መወዳእታ ንድፊ ንምድላው ኣብ ሳልሳይ ሰሙን ወርሒ ሰነ 2006 ዝተጀመረ ዕዮ፡ "**ርእይቶ መሰረታት ግሃድኤ ኣብ ናይ መወዳእታ ንድፊ ክኣቱ ኣሎዎ**" ዝብል ሞጎት ብምልዓል፡ ነቶም ገዚፍ ፖሎቲካዊ ሕድገት ተገይሩሎም ዝተበጽሑ መሰረታዊ ስምምዓት ስምረት ንምስባር ብምዕላም፡ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሰክረታርያ ኣሰናዳዊት ሽማግለ ወጥሪ ብምፍጣሩ፡ ምድላው ናይ መወዳእታ ንድፊ ደው በለ።

መንግስቲ ሱዳን ኣብ ሃገሩ መስመሪ ጉባኤ ኣባላት ውድባት ግሃድኤ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2006 ክካየድ ከም ዘይፈቅድ ብምፍላጡ ኣጋጢሙ ዝነበረ ደውታ ኣብ ምድላው ናይ መወዳእታ ንድፊ፡ ናይ ወርሒ ጊዜ ተረኺቡ ስራሓት ቀጸለ። እንተኾነ ግን እቲ ናይ መወዳእታ ንድፊ ከዳሉ ከም ብሓድሽ ዝቖመ ሰክረታርያ ኣሰናዳዊት ሽማግለ፡ ንመሰረታዊ ስምምዓት ስምረት ብምቕያርን ብምድብስባስን ናይ መወዳእታ ንድፊ ዛዚመ ኢሉ ቀረበ። ጉባኤ ኣብ ምይይጥ ንድፊ ፖሎቲካዊ ፕሮግራም ሓድሽ ወጥሪ ኣጋጠሞ። ካብ ውድብና ሰደግኤ ዝተወከሉ ጉባኤኛታት፡ ነቲ ዳግም ተመዓራርዩን፡ ንመሰረታዊ ስምምዓት ቀይሩ ዝመጸ ንድፊ ጉባኤ ብትሪ ብምቅዋም፡ ናብ ዝነበሮ ክምለስ ሓተቱ። ካብ ላዕለዎት ካድራት ተሓኤ ሃ-ጉባኤ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተኣተወ ስምምዕ ምቕያሩ ስለዝደልዩ፡ ዝስዕብ ክብሉ ሞገቱ። ንሕና ቀንዲ ዕላማና ህዝብን ሃገርን ምድሓን ቅድሚ ኩሉ ዝብል እዩ። ስለዚ ነዚ ማእከልና ጌርና ክንከይድ እዩ ዝግበኣና ብምባል፡ እቲ ዝተመዓራረየ ንድፊ ክጸድቀሎም ተላበዉ። እንተኾነ ግን ወከልቲ ውድብና፡ "ህዝብን ሃገርን ምድሓን" ዝብል ጭርሖ፡ ካብ ቅኑዕ ዲሞክራሲያዊ ዕላማታት ወጻኢ ትርጉም ከምዘይብሉ፡ ካብ ሕሉፍ ነጻነታዊ ተጋድሎና ሕርሕራይ ጌርና ከም ዝተማሃርናሉ ብምዝኽኻር፡ ሕጂ'ውን እዚ ጭርሖ'ዚ ግብራዊ ዝኸውን ብዲሞክራስያዊ ዕላማታት ምዕዋት ኣቢሉ ብምኻኑ፡ ኣቐዲምን ዝተኣተናዮም ስምምዓት ናብ ቦትኦም ክምለሱ ከምዘለዎም፡ ጉባኤ ነዚ ክገብር እንተዘይክኢሉ መስመሪ ጉባኤ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ምኻኑ ብትሪ ኣተሓሳሰቡ። ድሕሪ ክንደይ ላዕልን ታሕትን፡ ነቲ ካብ ወጋሕትኡ መሰረት ስምረትና ክኸውን ስምምዕ ዝተገበረሉ ፖሎቲካዊ ዕላማታት ሓደ-ሓደ ንምፍኻሱ ዝዓለሙ ቃላት ተወሲኾሞ እቲ ንንባብ ዝበቐዐ ፖሎቲካዊ ፕሮግራም ግሃድኤ ጸዲቑ ክወጽእ ኮነ።

ኣቐዲሙ ከምዝተገለጸ፡ ከካብ ናይ ባዕሉ ፖሎቲካዊ እምነታትን ሒሳባትን፡ ብሽም ሓባራዊ ስምምዓት ኣብ መወዳእታ ሓምለ 2004 ስምምዕ ሓድነት ዝኣወጀ መሪሕነታት ኣባላት ውድባት ግሃድኤ፡ ድሕሪ ክንደይ ቃልሲ ኣብ መስመሪ ጉባኤ ዝጸደቑ ፖሎቲካዊ ፕሮግራምን ውድባዊ ሕገ-ህንጻን ናይ ሓባር እምነታቱ ከምዘይኮኑ፡ ካብ ጽባሕ ጉባኤ ጀሚሩ ኣብ ዓወደ ተግባር እናተራእዩ ከዱ። ስለዝኾነ'ውን ውድብ በብእዋኑ፡ ሕድሕድ ምጥርጣር፣ ዘይምትእምማን፣ ምግድዳዕ፣ ዘይምእዙዝነትን ዘይተወፋይነትን.......ወዘተ እናዓብለሉዎ፡ ናብ ክወጾ ዘይክእል ውሽጣዊ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ክሸመም ኮነ። ማ/ባይቶ ግሃድኤ፡ ኣብ ጉዕዞኡ እናተንጸባረቑ ዝመጹ ርኡያት ሕጽረታት፡ ክንዮ ጸቢብን ጉጅላውን ሒሳባት፡ ከም ቃሉ ምድሓን ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ቀዳምነት ክሰርዕ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣብ ውሽጡ እናተኻሰሰን እናተበላልዐን፡ ንመሰረታቱ ድማ ግዳይ ናይዚ ሓሸውየ ክኾኑ ብምግባር፡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ዳርጋ ናብ'ቲ ዘዝነብሮ ነባር ውድባዊ ህልውና ክምለስ ዝኾነሉ ኣሕዛኒ ሂወት ክወድቕ ኮይኑ። ካብ ውድቀት ሓድነታዊ ጉዕዞና፡ እንታይ ትምህርቲ ክሕፈሶ ይኽእልን ይግባእን ዝብል እቲ ንኹሉ ከገድስ ዘሎዎ ነጥቢ እዩ። ብምኻኑ'ውን፦

1. እዚ ስምምዕ'ዚ ካብ ወጋሕትኡ ኣብ መሰረታዊ ፖሎቲካዊ እምነታት ሓባራዊ ኣረኣእያ ዘይነበሮም ውድባት ዝተፈጸመ ምኻኑ፡ ኣብ ትሕዝቶን ዕላማን ፖሎቲካዊ ሕድገት ድማ፡ ተመሳሳሊ ዕግበትን ተረድኦን ዘይምንባሩ።
2. እዚ ስምምዕ'ዚ እኹልን ጽፉፍን መጽናዕቲ ዘይተኻየደሉ ምኻኑ፡ እቲ ዝርካቡ ስምምዓት ድማ ኣቐዲሞም መሰረታት፣ ካድራትን ኣባላት ኣመራርሓን ዘይፈለጡዎን ዘይተዋሰኡሉን፡ ብተበተብ ዝተኣተወ ስምምዕ ምንባሩ።
3. ድሕሪ ክንደይ ሓርጎጽጎጽ ዝተዓወተ መስመሪ ጉባኤ ዝሓንጸጾም፡ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ብመሰረት ሕገ-ህንጻ ውድብ ኣብ ምትግባር፡ ዘይምእዙዝነትን ጉድለት ተወፋይነትን ብግልጺ እናተራእዩ እንከለዉ፡ ፈጻሚት ይኹን ማ/ባይቶ ነዚኦም ንምእራም ዕቱብነት ኣጉዲሉ፡ ናይ ምልምማጽ መርገጽ ምውሳዱን። ኮታስ ንልዙብን ዲሞክራስያውን ገምጋም ቅሩብነት ምብኳሩ፡ ካብቶም ብቐንዱ ዝጥቀሱ ሕጽረታት እዮም ነይሮም። ስለዝኾነ'ውን ነዞም ሕጽረታት እዚኦም ብመሰረቱ ዘይኣረመን፡ ኣብ መስርሕ ዝረኣዩ ሕጽረታት ብዕቱብነት ከስተኻኽል ቆሪጹ ዘይተላዕለ መሪሕነት ዝመርሖ ስምረታዊ ስምምዕ፡ ውድቀቱ ከምዘይተርፍ ምግንዛብ ይከኣል።

ውድብና ንባዕሉ ካብ'ዚ ውድቀት'ዚ ብግቡእ ተማሂሩ ምስኡ ዝመሳሰሉ ውድባት ናብ ሓድነት ክበጽሕ ቃልሱ ክቕጽል ምውሳኑ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካልኦት ተመሳሳሊ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ውድባት ተቓውሞ ኤርትራ፡ ካብ ድኽመታት ስምረታዊ ጉዕዞ ግሃድኤ እኹል ትምህርቲ ቀሲሞም፡ ንድሕሪት ዘይምለስ ሓድነታዊ ስምምዓት ክኣትዉን ንተግባራውነቱ ዓቲቦም ክቃለሱን ከዘኻክር ምጽንሑ ይፍለጥ።

ኩላትና እናተኸታተልናዮ ከም ዝጸናሕና፡ ሓድነታዊ ስምምዕ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ጎድና ጎድኒ ሓድነታዊ ጉዕዞ ግሃድኤ እናተሰላሰለ ዝመጸ እኳ እንተኾነ፡ ነዊሕ ዘገምታዊ መስርሕ ዝሓለፈ ብምዃኑ፡ ካብ ስምረታዊ ጉዕዞ ግሃድኤን ኣብ መወዳእታ ዘጋጠሞ ውድቀትን ግቡእ ትምህርቲ እናረኸቡ ከይዶም ክኾኑ ንግምት ኢና። ቀጺሉ ኣሰሮም ዝሰዓበ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ሓድነታዊ ተሞኩሮ ግሃድኤ ኣብ ውሽጡ ኮይኑ ዝተዋሰአን፡ ድሕሪ ብከፊል ምስሓቡ ድማ፡ ብደገ ኮይኑ ዝተኸታተሎ ተሞኩሮ ብምዃኑ፡ ምስ'ዞም ኣቐዲሞም ሓድነታዊ ስምምዕ ገይሮም እናተሳለዩ ዝመጹ ክልተ ሰልፍታት፡ ስምምዕ ሓድነት ክፈራረም እንከሎ፡ ካብ ጉዕዞ ግሃድኤ እኹል ትምህርቲ ክቐስም ትጽቢት ዝግበረሉ ምኽኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ውድብና ሰደግኤ ኣብ ሞንጎ ፖሎቲካዊ ውድባት ኤርትራ ዝግበሩ ናይ ሓድነት ስምምዓት ኢንታ እናውጸአ፡ ዘለዉዎ ድኹም ጎድንታት እናመዝመዘ ዝኸይድ ውድብ ዘይኮነስ፡ ውድባት ኣብ ዝኣተዉዎ ስምምዓት ጸኒዖም፡ ዘጋጥሙዎም ጸገማት ብምክብባርን ምጽውዋርን እናሰገሩ፡ ኣብ ሙሉእ ዓወት ክበጽሑ ሕውነታውን ብጻያውን ምኽሪ ካብ ምልጋስ ንድሕሪት ዝብል ኣይኮነን። ንሓድነት ዝተፈራረሙ ውድባት፡ እንተሰሚሮም ክበልጹንን ክዕብሉልንን እዮም፡ ካብ ዝብል ስክፍታ ነቒሉ ናብ ድሑር ናይ ተጠላሊፍካ ምውዳቕ መስርሕ ምእታው ኣጥቢቑ ዝቃወሞን ዝቃለሶን እዩ። ስለዝኾነ'ውን ክልቲኦም ሰልፍታት ሓድነታዊ ስምምዕ ተፈራሪሞም ክንዓዙ ካብ ዝተበገሱሉ እዋን ጀሚሩ፡ ካብ ተሞኩሮ ስምረታዊ ጉዕዞናን ዘጋጠሙና ብደሆታትን ውድቀታትን ክመሃሩን፡ ምስ ፍሉይ ተሞኩሮታት ክልቲኦም ሰልፍታት ተኣሳሲሮም ክቕልቀሉ ዝኽእሉ ፍልልያትን ዘይምትእምማንን ብህድኣትን ብልዝብን ንምፍታሕ ዓቲቦም ክቃለሱ ከምዘለዎም ምኽሩ ካብ ምልጋስ ተቖጢቡ ኣይፈልጥን። ክልቲኦም ሰልፍታት ኣብ ሓድነታዊ ጉዕዞ እናሃለዉ፡ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ጋሻ ሰቲት ምስ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክጸናበር ምውሳኑ፡ ቀጺሉ ድማ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ሓድነታዊ ውዕል ተፈራሪሙ ጉዕዞ ምቕጻሉ ብቱኽረት ክከታተሎ ጸኒሑ እዩ።

ብርግጽ ኣብ ድሮ ምጽንባራዊ ዋዕላ ሰለስቲኦም ውድባት፡ ካብ ውሽጢ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ላዕለዋይ መሪሕነት ተኸቲሉዎ ዝብሉዎ ኣገባብ ብምቕዋም፡ ውድቦም ሒዞም ከምዝቕጽሉ ዘመልከቱ ምህላዎም ዝተኸታተልናዮ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣቐዲሙ ብክልተ ሰልፍታት ተታሒዙ ዝጸንሐ ፕሮግራም መሰረት ገይሩ ካብ ምቕጻል ወጻኢ፡ ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ ነይሩዎም ምባል ኣጸጋሚ'ዩ። ግን ድማ እቲ ኣብ ሓድነታዊ ጉዕዞ ሰለስቲኦም ውድባት፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዝተራእየ ፍልልይ፡ ከም ድኹም ጎድኒ'ቲ ሓድነታዊ መስርሕ ብምእማን፡ ብዘይምስልካይ ውሕሉልን ልዙብን መፍትሒ ከምዝድልዮ ከይኣመትና ኣይንሓልፍን። ምኽንያቱ እቶም ዝተቓወሙ ሸነኻት ኤ.ህ.ም. ኣብ ሕቶ ሓድነት ፍሉይ ኣረኣእያ ከምዘይብሎም ደጋጊሞም ከረጋግጹ ስለዝተዓዘብና እዩ።

ሰለስቲኦም ውድባት(ሰልፍታት) ብዝኣተዉዎ ስምምዕ ሓድነት መሰረት፡ ናብ ሙሉእ ሓድነት ዘሰጋግሮም ምጽንባራዊ ዋዕላ ኣካይዶም ምዝዛሞም ኣብ ሓድነታዊ ተሞኩሮና፡ ናቱ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ዝከሓድ ኣይኮነን። ብምዃኑ'ውን ውድብና ሰደግኤ በዚ ኣጋጣሚ፡ ንኹሎም ኣባላት ሰለስቲኦም ሰልፍታትን ደገፍቶምን ዮሃንኡ የመሓላልፍ። ብእምነት ውድብና ሰደግኤ፡ እዚ ፍጻሜ'ዚ ኣብ ጉዕዞ ሓድነት፡ ተመሳሳሊ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ውድባት፡ ከም ናይ መጀመርያ ዓወቶም ዝውሰድ'ምበር፡ ናይ መወዳእታን ንድሕሪት ዘይምለስን እዩ ተባሂሉ ነብስኻ ተዛንየሉ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ፡ እዚ ናይ መጀመርያ ዓወት'ዚ፡ መሰረቱ ክድልድልን፡ ንካልኦት ተመሳሳሊ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ውድባት ዝስሕብ፡ ንዝተፈለየ ፖሎቲካዊ እምነታት ዘለዎም ውድባት ድማ በብሸነኾም ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዱ ጽቡቕ ትምህርቲ ዝሓፍስሉ፡ ንህዝብታትና ድማ ኣብ ጭርሖ ሓድነት ሓይልታት ተቓውሞ ኣሕዲሮምዎ ዝነበሩ ምጉዳል እምነት ከመሓይሹን፡ ንመጻኢ ደራኺ ተርኦም ክጻወቱ ዘላዓዕሎም ምእንቲ ክኸውን፡ ካብ ሕሉፋት ድኽመታትቶም ትምህርቲ ምውሳድን ግቡእ ክንክንን ቀጻሊ ሓለዋን ዘድልዮ ምዃኑ ከየዘኻከርና ክንሓልፍ ኣይንደልን።

ውድብና፡ ነዚ ናይ ሰለስተ ሰልፍታት ምጽንባራዊ ዋዕላ ብእዉጅ ደገፉ ዝገልጽ ዘሎ፡ ካብ ክልተ መሰረታዊ ምኽንያታት ብምንቃል እዩ። ውድብና ሰደግኤ ንሓድነት'ዞም ሰለስተ ውድባት ኣወንታዊ ኣጠማምታኡ ከቐምጥ እንከሎ ምስ'ዞም ሰልፍታት ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ስለዘይብሉ ኣይኮነን። ሰደግኤን እዞም ብምንጽባራዊ ዋዕላ ኣቢሎም፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝመስረቱ መሓዙት ውድባት፡ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ኣረኣእያ(ናይ ፖሎቲካ ኣማራጺታት) ፍልልያት ዘለዉዎ ምዃኑ ዘይሕባእ ሓቂ እዩ።

ንኣብነት፦ 1. ኣብ ኢርትራ ዝትክል ዓይነት ዘይምእኩል ስርዓትን፡ ኣቃውማ ስርዓተ ምምሕዳርን፡

2. ኣብ ናይ ብሄራትን ብሄረሰባት ሕቶን መፍሒኡን፡

3. ኣብ ናይ መሬት ዋንነት ሕቶን ኣጠቓቕማኡን ብዝምልከት፡

4. ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምውጋድ ክንክተሎ ዝግባእ ኣገባብ ቃልሲ ወይ ናይ ቃልሲ ስልቲ… ወዘተ መሰረታዊ ዝኾኑ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ጸኒሖምን ኣሎዉዎን እዮም። ካብ'ዚ ተበጊሱ ክላዓል ዝኽእል ሕቶ ምህላዉ ፍሉጥ እዩ። ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ሸነኻት ክንዲ'ዚ ዝኣክል መሰረታዊ ፍልልይ ናይ ኣረኣእያ እናሃለወ፡ ንምንታይ ነዚ ምጽንባራዊ ዋዕላኦም እዉጅ ደገፍ ምሃብ ኣድለየ ዝብል እዩ።

ንእዉጅ ደገፍና መበገሲ ዝኾኑ ክልተ መሰረታዊ ምኽንያት ኢልና እንርእዮም ዝስዕቡ እዮም።

1. ሕቶ ሓድነት ናይ ህዝብታት ኤርትራ ተባራዒ ሕቶ ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። ህዝብታትና፡ ውድባቶም ኣብ ሓደ መስርዕ ተሰሊፎም ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢኦም ክቃለሱ እናጠለቡ ጸኒሖምን ኣሎዉን። ህዝብታትና ኣብ ሞንጎ ተቓለስቲ ውድባት ምስሕሓብን ጎንጽን ዘይኮነስ፡ ምክብባር፣ ስኒት፣ ንሓባራዊ ጸላኢ ዓቕምታትካ ጠርኒፍካን ተወሃሂድካን ምቅላስ፡ ባህጎም ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። እንተወሓደ ዘየድሊ ምፍንጫል ተገቲኡ፡ ብዕላማ ሓደ ዝኾኑ ውድባት ሓድነት ክገብሩ ይደልዩ። ምኽንያቱ ሕቶ ሓድነት

ሓይልታት ሰውርኦም ምርግጋጽ፡ ኣብ ናይ ቃልሲ ንያቶም ምሕዳስ ዘለዎ ተራ ክሳብ ክንደይ ዓብይ ምዃኑ መስካሪ ዘድልዮ ብዘይምዃኑ'ዩ። ብኣንጻሩ ድማ ኣብ ሞንጎ ውድባት ሕቶ ሓድነት ምብኳሩ ብዝኸሰት ጎንጽን ምስሕሓብን፡ ናይ ቃልሲ ሞራሎም ኣብ ምስባር ዝጻወቶ ኣሉታዊ ተራ ብኡ መጠን ዝምዘን ብምዃኑ'ዩ። ስለዝኾነ'ውን ናይ ህዝብታትና ናይ ቃልሲ ንያት ብምብርባር፡ ንሓባራዊ ጸላኢና ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምውጋድ ዓቕሚ ዝፈጥር ሓድነት ሓይሊ ተቓውሞ፡ ክድገፍን ክተባብዕን ዘለዎ ምዃኑ ጽኑዕ እምነት ውድብና እዩ።

2. ዝተበተነ ዓቕምታቱ ክጥርንፍ ዝበቕዐ ሓይሊ፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ መስርሕ ሓያል ተወዳዳሪ ከምዝኸውን ዘጥራጥር ኣይኮነን። እዞም ብምጽንባራዊ ዋዕላ ኣቢሎም ናብ ሓደ ድልዱል ሰልፊ ዝሰጋገሩ ዘለዉ ሰለስተ ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ድማ፡ ዝተበታተነ ዓቕምታቶም ኣብ ተመሳሳሊ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ ክጥርንፉ ብምኽኣሎም፡ ኣብ ፖሎቲካዊ መስርሕ ተወዳደርቲ ክኾኑ ዘብቕዖም ዓቕሚ ክፈጥረሎም ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ዝሰመረ ዓቕሚ ኣብ ኩሉ መዳይ ሓይሊ ከምዝድልብ ፍሉጥ ስለዘኾነ'ዩ። ሰደግኤ፡ ኣብ ቅኑዕን ሰላማውን ዲሞክራስያዊ ውድድር ዝኣምን ውድብ ብምዃኑ፡ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ ተወዳዳሪ ዓቕምን ብቕዓትን ዝጥረ ድማ፡ ምስ ድልዱል ፖሎቲካዊ ሓይሊ ብምውድዳር ጥራሕ እዩ ኢሉ ይኣምን። ብምዃኑ'ውን፡ ተመሳሳሊ ፖሎቲካዊ ኣማራጺታት ዘለዎም ውድባት ኣብ ሓደ ምጥርናፎም፡ ናይ ህዝብታትና ናይ ቃልሲ ሞራል ክብ ብምባል ካብ ዘለዎ ፋይዳ ብዘይፍለ፡ ሓያልን ብቑዕን ተወዳዳሪ ኮይንካ ንምቕራብ ብዘለዎ ኣወንታዊ ተራ ኣንጻር ግቡእ ርዝነት እዩ ዝህቦ። ኣብ ዓውዲ ፖሎቲካዊ ቃልሲ ምስ ዝደኸሙ ውድባት ዝግበር ውድድር ይኹን፡ ንቕድሚት ክስድሩ ጻዕርታት ዘካይዱ ወይ ተኽእሎታት ዘለዎም ውድባት እናጠለፍካ ብምውዳቕ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝብታትና በሊጽካ ክትረአ ዝግበር ጻዕሪ፡ ጽዑቕ መግለጺ ድሕረትን ሓያል ዓቐብ ዘየውጽእን ምዃኑ ጽኑዕ እምነት ውድብና ብምዃኑ እዩ።

ስለዝኾነ'ውን ብእምነት ውድብና ሰደግኤ፡ እዞም ተመሳሳሊ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ እናመዝገቡ ዝመጹ ሰለስተ መሓዙት ሰልፍታት፡ ኣብ ዝተናውሐ መስርሕ ተቐራሪቦም፡ ብምጽንባራዊ ዋዕላ ኣቢሎም ናብ ሓደን ድልዱልን ሰልፊ ዘሰጋግሮም ሓድነት ምርግጋጾም ብኣወንታ ክረኣ ኣሎዎ፤ ጉዕዞ ሓድነቶም ክድገፍን ክተባባዕን ይግባእ፤ ምስኦም ዝካየድ ውድድር ድማ፡ ኣብ መሰረታዊ ዕላማታትን ፖሊሲታት ዝተመስረተ፡ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ውድድር'ምበር፡ ኣብ ካልኣዊ ድኽመታቶም ብምንጥልጣል፡ ብሓድነቶም ዝረኸቡዎ ደገፍ ንምብርዓን ዝካየድ ድሑርን ጸኒሓውን ተጠላሊፍካ ብሓባር ናይ ምውዳቕ ውድድር፡ ንረብሓ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ምግልጋል ሓሊፉ ኣወንታዊ ፋይዳ ስለዘይብሉ፡ ብትብዓት ክንቃለሶ ዘሎና እዩ ይብል።

## ምድሓን ህዝብን ሃገርን ብኸመይ?

ህዝብታት ኤርትራ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶምን ልኣላውነቶምን፡ ውሑዳት ጥራሕ መወዳድርቲ ዘለዉዎ ዝተናውሐን ጅግንነታውን ዕጥቃዊ ተጋድሎ ኣካይዶም'ዮም። ኣዝዩ ገዚፍ ናይ ህይወት፣ ጥሪትን ንብረትን መስዋእቲ ብምኽፋል ንባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክጸርጉ በቒዖም።

ህዝብታት ኤርትራ ነዚ መስተንክር'ዚ ዝሰርሑ፡ ኣብ ትሕቲ ጭርሖ ሃገራዊ ነጻነት ብምዕሳል ምዃኑ፡ ናብ ክትዕ ዘይኣቱ ሓቂ እዩ። ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ናይ ሰላሳ ዓመታት መሪርን ዝተናውሐን ብረታዊ ተጋድሎኦም ዝኸፈሉዎ ከቢድ ዋጋ፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ዝተኻየዱ ኩናታት ጥራሕ ከምዘይነበረ ግን፡ ሕሉፍ ተሞኩሮና ባዕሉ ምስክር እዩ። ተናሓናሕቲ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ፡ ንሜዳ ኤርትራ ብምብሓት ኣብ ነጻ ኤርትራ ፖሎቲካዊ ስልጣን ንበይኑ መን ሓዘ ካብ ዝብል ጸረ ህዝብን ጸረ ዲሞክራስን ውድድር ነቒሎም፡ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት "ሆ" ኢሎም ዝወፈሩ ሓርበኞታት መእሰያት ተጋደልቲ፡ ኣብ ሕድሕድ ኵናታት ተጠቢሶም ኣደዳ መስዋእትን መቑሰልትን ክሳጥሑ ምግባሮም፡ ኣካል'ቲ ዝሓለፍናዮ መሪር ተሞኩሮና ኮይኑ ተመዝጊቡ እዩ።

ህዝብታትናን ሓርበኛታት ተጋደልቲ ደቆምን፡ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት ውድባት ደማዊ ኵናት ሕድሕድ ደው ኢሉ ብናይ ሓባር ቅልጽም ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝጸረገሉ ናይ ቃልሲ ሃህዋሁው ክፍጠረሎም ዘይሕለል ቃልሲ ኣካይዶም። እንተኾነ ግን ብቑዕ ምላሽ ከይረኸበ ተረፉ'ዩ። ከም ውጽኢቱ'ውን ነጻነታዊ ተጋድሎና ብ1977 ካብ ኣፍ ደገ ዓወት ንድሕሪት ዝተደፍኣሉ ኩነታት ክኸሰትን፡ መስዋእቲ ኤርትራውያን ክተዓጻጸፍ ዝኾነሉ ኩነታት ተኸሰተ። ካብኡ ዝኸፍአ ድማ፡ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ብኸቢድ ዋጋ መስዋእቲ ዝተረኸበ ሃገራዊ ነጻነት ንረብሓ ውሱን ትምክሕታዊ ጉጅለ ምውዓሉ እዩ። ናይ ህዝብታትና መሰረታዊ ጠለባት ተጠሊሞም፡ ህዝብታትና ኣብ እዋን ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ'ውን ርእዮሞ ዘይፈልጡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፣ ምስዋርን፡ ወዲ ሰብ ኣብ ሂወቱ ክጻወሮም ዘይክእል ዓመጻዊ ግፍዕታት፣ ካብ እዋን ናብ እዋን ናብ ጥሜትን ልማኖን ምውዳቕ፣ ሞት...ወዘተ ዕጨኦም ዝኾነሉ ኩነታት ተጋሂዱ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ክለዓል ዝግበኦ መሰረታዊ ሕቶ ምህላዉ ኣይዝንጋዕን። ህዝብታት ኤርትራ ን20 ዓመታት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ ን30 ዓመታት ድማ መሪርን ዝተናውሐን ዕጥቃዊ ተጋድሎ ኣካይዶም ክነሶም፡ ንምንታይ ካብ ሕሉፋት ባዕዳውያን ገዛእትና ዝኸፍአ ህግደፋዊ ስርዓት ምሕደራ ክወድቁ ኮኑ ዝብል እዩ።

ካብ ዘበነ ኣርባዓታት ክሳብ ቴስዓታት ዝተኻየደ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ደገፍቶም ናይ ግዳም ሓይልታትን ዘቕነዐ ምንባሩ ይፍለጥ። እዚ ተጋድሎ'ዚ ቀንዲ ዕላምኡ፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዘውረዶም ኩሉ መዳያዊ ወጽዓታት፡ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ምውጋድ እኳ እንተነበረ፡ መልክዕ ናይ'ቲ ቃልሲ ግን ብነጻነታዊ ሕቶ ዝግለጽ እዩ ዝነበረ። ሃገርና ኤርትራ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንሓዋሩ ብምግልጋል፡- ሰላም፣ ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ልምዓትን ኩሉ መዳያዊ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለን ዝሰፈና፡ ብልጽግቲ ሃገር ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ ዝነበረ። ስለ'ዚ ንህዝብታት ኤርትራ ነጻነታዊ ተጋድሎ ምክያድ ማለት፡- ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ገዛእ ሃገሮም ዝተኸበሩ ዜጋታት ክኾኑ ናይ ምብቃዕ ተጋድሎ እዩ። ኤርትራ ሰላምን ምርግጋእን ዝሰፈና ሃገር ክትከውን ናይ ምብቃዕ ተጋድሎ እዩ። ኤርትራ ብቕዋም እትምራሕ ዲሞክራስያውን ሰብኣውን መሰላት ዜጋታት

ዝኸበረላ ሃገር ክትከውን ናይ ምብቃዕ ተጋድሎ እዩ። ሃገርና፡ ከም ነጻ ሃገር መሰልን ማዕርነትን ዜጋታት ኣብ ኩሉ መዳይ ብዘይ ምሽርራፍ ዝተኸበረላ፡ ብመንግዲ ማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባለ እትግስግስ፡ ምስ ጎረባብታን ማሕበረሰብ ዓለምን ብስኒትን ምክብባርን ምንባር እትልለ ሃገር ክትከውን ናይ ምብቃዕ ተጋድሎ እዩ። ካብ'ዚ ወጻኢ ንህዝብታትና፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ፡ ዝተናውሐ ነጻነታዊ ተጋድሎ ምክያድ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን። ብምኳኑ'ውን ህዝብታት ኤርትራ፡ ጊዝያውን ከበድትን ብደሆታት ተጻዊሮም፡ ጭርሖ ነጻነት ተሓንጊጦም፡ ሩባን ኩርባን ክወጹን ከቢድ ጽዋ መስዋእቲ ብጸጋ ክቕበሉን እንክሎዉ፡ ኤርትራ ሃገሮም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለጹ ኣኽሊል ዓወታት ክትለብስ ብምብሃግ እዩ።

ህዝብታትና ብጭርሖ ነጻነት ከቢድ ዋጋ ከፊሎም ሓራ ኣብ ዘውጽኡዋ ሃገር፡ ብገዛእ ደቆም፡ መወዳድርቲ ዘይርከቦ መዓት ክወርደና እዩ ኢሎም ክሓስቡዎስ ይትረፍ ክሓልሙዎ ዝኽእሉ ኣይነበሩን። ግን ድማ ዝተናውሐን ኣዝዩ ከቢድ ዋጋ ዝሓተተ ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ዝኾነ መስገደል ጸይሩ ደበኽ በለ። "ኣበይ ዝነበርኩም ኢኹም" ኢሉ ንተራን ሓርበኛውን ተጋድሎኦም ዘቆናጽብ፡ ኣዝዩ ነውራምን ጨካንን ጉጅለ፡ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ኩድጭ በለ። ሃገራውነት፣ ሓርበኝነትን ጅግንነትን ተጋዳላይን ህዝብን ኤርትራ፡ መማዕረጊ ስሱዕ ናይ ስልጣን ሸውሃቱ ክጥቀመሉ ኮነ። መስዋእቲ ጀጋኑ ሓርበኛታትናን ጀጋኑ ኣካለ ስንኩላናን መኸወሊ እኩይን ሰራምን ውዲታቱን መገዘቲ ኣብ ልዕሊ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ዝለዓሉ ተቓውሞታት ተጠቐመሉ.....ወዘተ።

ኣብ ትሕቲ ጭርሖ ሃገራዊ ነጻነት "ሆ" ኢሎም ዝወፈሩ ህዝብታት ኤርትራን ተጋደልቲ ደቆምን፡ እዚ ኩሉ ተኣምራታዊ ጅግንነት ሰሪሖም፡ ንምንታይ ጻማ ኣልቦ ኮይኖም ተረፉ ዝብል መሰረታዊ ሕቶ ምምላስ፡ ህልውን መጻእን ዲሞክራስያዊ ቃልስና ካብ ተመሳሳሊ ሓደጋ ንምድሓን ዝለዓለ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቶም መሰረታዊ ምኽንያታት ከምዚ ዝስዕብ ጸሚቕካ ምቕማጥ ይከኣል።

1. ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ብህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መስመራት ዝተመርሐ ብዘይምንባሩ።
2. መሪሕነት፡ ብሰፊሕ ዲሞክራስያዊ ተሳትፎ መሰረታት ኣባላት ውድብ ጥቡቕ ቁጽጽር እናተገበረሉ፡ ሓፋሽ ኣብ ሃገራዊ ጉዳዩ ንቑሕን ዝተወደበን ተጋድሎ ከካይድ ዘይምብቅዑ፡ ብኣንጻሩ ፖሎቲካዊ ጉዳይ ናይ ውሱን ጉጅለ ብሕታዊ ሓላፍነት ኮይኑ፡ ሓፋሽ ብስምዒት ጥራሕ እናተደፍአ ዝተባሃሎ ጥራሕ ዝፍጽም መገልገላይ መራሕቲ ክኸውን፡ ኣብ መስርሕ ውልቀ-ሰባት ፍሉይ ዝና ረኺቦም ገበርትን ሓደግትን ዝኾኑሉ፡ ውድብ ሙሉእ ብሕታዊ ኣቕሓ ናይ መራሕቲ ብሓፈሻ፡ ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ድማ ብፍላይ ዝኾነሉ ሃዋሁው ምስፋኑ።
3. ኣብ መንጎ መራሕቲ፣ መሰረታትን ህዝብን ዲሞክራስያዊ ዝምድና እናጠፍአ፡ ኣብ መንጎ መሰረታትን ህዝብን ናይ ምጥርጣር ዘይምክብባርን መንፈስ ብምኹስኳስ ካልኣዊ ግርጭታት ንረብሓ ጉጅላውያን መራሕቲ ክውዕሉ ብምግባር፡ ጸቢብን ትምክሕታውን ውድባዊ ስምዒታት ገዛኢ ቦታ እናሓዘ ክኸይድ ጥጡሕ ኩነታት እናተፈጥረ ምኻዱ፡ ካብቶም መሰረታውን ዓበይትን ረቛሒታት እዮም ክበሃሉ ይኽእሉ።

ስለዝኾነ'ውን ዝተናውሐ ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ዝመርሐ ቅኑዕ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መስመር ስኢኑ፡ ናይ ሓፋሽ ንቑሕን ዝተወደበን ተሳትፎ ቦኺሩዎ፡ ውልቀሰባት ገበርትን ሓደግትን ዝኾኑሉ፡ መሰረታት ኣገልገልቲ መራሕቲ ኮይኖም ኣብ ድልየታት መራሕቲ ዘተግብር መደባት ዓይኖም ዓሚቶም ክወፍሩ ዝኾኑሉ ሃዋሁው ማዕበለ። ሜዳ ኤርትራ ብዅናት ሕድሕድ እናተሓመሰ ውሱን መሪሕነት ንሜዳ ዝብሕተሉ ዕድላት ክኽሰትን ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሃገራዊ ነጻነት ብናይ ሓደ ውድብ ዓብላልነት ተዓዊቱ ውሱን ጉጅለ ካብ ናይ ህዝቢ ፍቓድን ድምጽን ወጻኢ ፖሎቲካዊ ስልጣን ብሒቱ ክሕዝ ዝኽእለሉ ኩነታት ክፍጠርን ኮነ። እዚ ካብ ሜዳ ኣትሒዙ ንነብሱ ከም ናይ ኩሉ ጉዳያት ወዳእን ገባሪ ሓዳግን ገይሩ ዘንገሰ ውልቀሰብን ጉጅለኡን፡ ዕድል ረኺቦም ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝሓኾሩሉ ኩነታት ምስ ረኸቡ፡ ኩሉ ነገራት ንዝሓዙዎ ፖሎቲካዊ ስልጣን ነባሪ ክኸውን ዘኽእልን ብዘይ ተወዳዳሪ ህዝቢ ከም ጊላ መገልገላዮም ኮይኑ ዝነብረሉ ኩነታት ካብ ምኹስኳስ ወጻኢ ካልእ ኣንፈት ክኽተሉ ማለት ዘይሕሰብ እዩ። ሕሉፍ ሓሊፉ ስስዐን ደረት ኣልቦ ትምክሕትን ዝደረኾ፡ ህዝብናን ሃገርናን ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ዝሸመሙ ኩነታት ክፈጥሩ ድሕር ከምዘይብሉ ባህሪኦም ዝሃቦም ትዕድልቲ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅለኡን ንህዝብታትናን ሰራዊት ምክልኻልን ከም ግኡዝ ኣቕሓ ዘገልግሎም ብሕታዊ ጥሪቶም ጥራሕ ገይሮም ክዓርፉ ኣይከኣሉን። ኣብ'ዚ ዞባ'ዚ ጎብለል ኮይኖም ክረኣዩን፡ ሃብቲ ጎረባብትናን ዞባናን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ክዘምቱ ሃረምረም ናብ ምባል ተዋፈሩ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ፡ ኣብ ከባቢና ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ዅናት ክጽመዱ ዝኾኑሉ ዘሕዝን ኩነታት ተፈጠረ። ህልኾም መወዳእታ ስለ ዘሰኣኑሉ፡ ምስ ዓበይቲ መንግስታት ዓለምና ናብ ጎንጽን ጽልእን ብምሽማም፡ ምስ ግብረ ሽበራውያንን መወልቶምን ዝጠበቐ ምትእስሳር መስሪቶም፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ምሕማስ ተዋፊሮም ኣለዉ። ከም ናይ'ዚ እኩብ ድምር ድማ፡ ሃገርናን ህዝብታትናን ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዝተቓልዑሉ ዘሕዝን ህሞት ንርከብ ኣሎና።

ካብ ኣርባዓታት ክሳብ ቴስዓታት፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጭርሖ ሃገራዊ ነጻነት ዓሲሎም ንሓምሳ ዓመታት ተጋዲሎም፡ ሃገራዊ ነጻነቶም ክዉን ካብ ዝገበሩላ ጽባሕ፡ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ከም ሕሱም ክግፍዑን ክጭቆኑን ምቕጻሎም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዝተቓልዑሉ ኩነታት ተፈጢሩ ምህላዉ ንርእዮ ዘሎና እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ሎሚ'ውን ከም ናይ ትማሊ፡ ንጭርሖ ነጻነት፡ ብ "ህዝብን ሃገርን ምድሓን ልዕሊ ኩሉ!" ዝብል እዋናዊ ጭርሖ ተተኪኡ ብዝተፈላለዩ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ከም መቃለሲ ጭርሖ ይቃላሕ ኣሎ።

"መለበምን ኣይግበርካ መለበምን ኣይኽላእካ" ይብሉ ለባማት ወለድና ክምስሉ። ህዝብታትና ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ነጻነታዊ ተጋድሎኦም "ነጻነት ማለት ኩሉ እያ" ዝብል ግሩህ ስምዒት ሒዞም፡ ፖሎቲካዊ ጉዳዮም ብኹሉ እንትንኡ ንውልቀ መራሕቲ ኣረኪቦም፡ ብሃገራዊ ስምዒት ጥራሕ ተጋዲሎም ዝረኸቡዎ ጻማ ርእዮሞ ኣሎዉ። ጻምኦም ድማ፡ ካብ ጊዜ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝኸፍአ፡ ህልውነኦም ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዘውድቐ ኮይኑ ኣሎ። እሞኸ ደኣ ከም'ቲ ትማሊ፡ ሎሚ'ውን ኣብ ትሕቲ "ህዝብን ሃገርን ምድሓን ልዕሊ ኩሉ!" ዝብል ጭርሖ ተጠርኒፎም ተቓሊሶም፡ ንስርዓት ህግደፍ ምስ ኣልገሱ፡ ከም ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዝመሰለ ዓይነት ጨካን መራሒ ካብ ምትካእ፡ ክድሕንሉ ዘኽእሎም ውሕስነት እንታይ እዩ ዝብል ኣቓዲሙ ክምለስ ዘለዎ መሰረታዊ ሕቶ እዩ።

ሎሚ ከም ትማሊ፡ መግዛእቲ ንደምስስ እሞ ጽባሕ ነርክበሉ ኢና ብምባል ህዝብታትና ምድህላል ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ እዚ ስልቲ'ዚ ውጽኢቱ እንታይ ከምዝኾነ ሕርሕራይ ገይሮም ተማሂሮሙሉ እዮም። ሎሚ ብምቁራት ጭርሖታት፡ ህዝብታትና ሆይሆይ ኣቢልካ፡ ኣብ ጎድንኻ ተሰልፊሉ ጊዜ ኣይኮነን። ሎሚ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ቃልሲ ይኹን ብዓመጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ንደምስሶ እሞ፡ ሕቶታትና መፍትሒ ክረኽቡ እዮም፡ ብዝብል ናይ ርሑቕ መብጽዓ፡ ንህዝብታትና ብስምዒት ምልዕዓል ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን፡ ከም ጭርሖ ነጻነት፡ ውጽኢቱ ማይ ዓሚኽካ ምትራፍ ጥራሕ ከይኸውን፡ "**ምድሓን ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ!**" ዝብል ጭርሖ፡ መሰረታዊ ረብሓታት ህዝብታትና ብምውሓስ ኣንጻር፡ ዝህልዎ ፋይዳ ብንጹር ክቕመጥ ኣሎዎ።

ውድብና ሰደግኤ፡ "**ምድሓን ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ!**" ዝብል እዋናዊ ጭርሖ፡ ብቕኑዓት ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መስመራት እናተመርሐ ብዝካየድ ዝተወደበን ዝነቕሐን ህዝባዊ ቃልሲ ክምራሕ እንተዘይክኢሉ፡ "**ጉልሻ እንተተለዋወጠ ጸብሒ ኣይምቅርን**" ዝብል ብሂል ካብ ምድጋም ወጻኢ ካልእ ትርጉም ኣይህልዎን ኢሉ ይኣምን። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ትሕቲ "ምድሓን ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!" ዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ሰፊሕ ናይ ህዝብታትና ተሳትፎ ብምርግጋጽ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምውጋድ፡ መሰረታዊ ረብሓታቶም ብዘተኣማምን ክረጋገጹ እንተኾይኖም፡ ብዝስዕቡ ፖሎቲካዊ መስመራት ዝተመርሐን፡ ቅኑዓት ናይ ኣሰራሓ መርሆታት ዝተኸተለ ክኸውን ይግባእ በሃሊ እዩ። ስለዝኾነ'ውን፡-

1. ብቅኑዓት ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መስመራት ዝምራሕ ክኸውን ይህልዎ።
2. ኣብ ውድባዊ ጉባኤ ዝጸድቑ ፖሎቲካዊ ፕሮግራም፣ ሕገ ህንጻን ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ብንቑሕ ተሳትፎ ኣባላት ዝሕንጸጹሉን፡ ኣብ ተግባራውነቶም ድማ ብሰፊሕን ዲሞክራስያውን ተሳትፎ ህዝብታትና ዝዕመሙሉ ኩነታት ምፍጣር።
3. ናይ ህዝብታትና ወሳንነት ብጽንዓት ብምእማን፡ ንቑሕን ዝተወደበን ተሳትፎኦም ንምርግጋጽ፡ ቀጻልን ዘየቋርጽን ናይ ምንቕቓሕን ምብርባርን ስራሓት ምክያድ።
4. ኣብ ሞንጎ መራሕቲ፣ መሰረታት ኣባላትን ህዝብታትናን ዝህሉ ዝምድና፡ ዲሞክራስያዊ፣ ብቐጻሊ ገምጋምን ምንቕቓፍን እናጎልበተ ዝኸይድ ክኸውን ይግባእ። መራሕቲ ኣወንታዊ ተርኦም፡ ኣብ ክሊ ወሳኒ ተራ ህዝብታትና ኮይኖም'ምበር፡ ንነብሶም ከም ገበርትን ሓደግትን ኮይኖም ዝረኣዩሉ ዝምባለታት ከይምዕብል፡ ዘየቋርጽ ቃልሲ ምክያድ።
5. ህዝብታትና ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝሰኣኑዎም መሰረታዊ ረብሓታት፡ ኣብ መስርሕ ቃልሲ እናሃለዉ ዘስተማቕርሉን፡ መጻኢ ብሩህ ተስፋ እናማዕደዉ ዝቃለስሉ ኩነታት ምፍጣር። ኣብ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ብዛዕባ ምኽባር ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት፣ ፍትሒ፣ ማዕርነት…ወዘተ እናመደርካ፡ ኣብ እዋን ቃልሲ ከም ውድብ ኣብ ውሽጢ ኣባላትን ምስ ህዝብታትናን ዝህልው ዝምድናታት ብኣንጻሩ ምስ ዝኸውን ግን፡ መሰረታት ይኹን ህዝብታትና "**ዘይተጸግበኒ ቅጫስ ኣብ መቕሎኣ እንከላ እፈልጣ**" ኢሎም ተሳትፎኦም ከዛሕትሉ ከምዝኽእሉ ኣብ ጸብጻብ ምእታው የድሊ። ስለ'ዚ ንምዕዋቶም እንቃለሰሎም መሰረታዊ ዕላማታት፡ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ናይ መዓልታዊ ምንቅስቓስ መርሆታት ምኳኖም ብተግባር ምርኣይ ናይ ግድን ዘድሊ ምኳኑ።
6. ብዙሕነታዊ ኣከዋውና ህዝብታትና ኣብ ጸብጻብ ዘእተወ ስጡም ማዕርነታዊ ኣረኣእያ ምኹስኳስን ብዘይምቁራጽ ንዝንጸባረቑ ትምክሕታውን ጸቢብን ኣረኣእያታት፡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ንምውጋድ ቃልሲ ምክያድ ከምዘድሊ።
7. ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንኹሎም ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ውድድር ዝዓጸወ ብምኳኑ፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ውድድርን ሰላማዊ ምቅብባል ስልጣንን ዝቕበል ጥዑይ ሃዋሁው ንክፍጠር፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዓመጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ከም ስልቲ ምኽታል ግቡእ ምኳኑ ምእማን የድሊ።

ኮታስ ሃገርናን ህዝብታናን ካብ ኣንጻላልዩዎም ዘሎ ከቢድ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓንን፡ ከም ህዝብን ሃገርን ብጎደና ምዕባለ ክምርሹን ሰላምን ምርግጋእን ዝሰፈና፣ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝብታትና ዝተኸበረላ ሃገር ክትከውን፡ ብህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ዝተመርሐን ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓታት ከም መርሆ ብስጥመት ዝኽተል ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ምክያድ ኣማራጺ ዘይብሉ ጎደና ዓወት እዩ። ብሸም ህዝብን ሃገርን ምድሓን ዝብል ጭርሖ፡ ካብ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታትን ቅኑዓት ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓታት ወጻኢ ዝካየድ ቃልሲ፡ ህዝብታትና ካብ ኣንጻላልዩዎም ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ብዘተኣማምን ከድሕን ዝኽእል ኣይኮነን።

# ምዕቑ ዘይንብለለ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ንቃለስ!!